
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.184 ሰሉስ 2 ሚያዝያ 2024 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ዓይነት ሕማማት ኩሊት



ገጽ 3

"ተርጓሚ ጠላሚ"

ገጽ 4
ስራሕ ከም ቤት ትምህርቲ


ገጽ 5
ዝምድና ኣቦታትን ደቆምን ንኽሕይል


ገጽ 7
ዞባ ማእከል - ውድድር ክራይተርዩም ተኻዪዱ



# ብምኽትል ኣዛዚ ሓይሊ ባሕሪ ዝተመርሐ ልኡኽ ፌደረሽን ሩስያ ባጽዕ ኣትዩ

ብምኽትል ጠቕላሊ ኣዛዚ ሓይሊ ባሕሪ - ምኽትል ኣድሚራል ቭላድሚር ካሳቶኖቭ ዝተመርሐ ላዕለዋይ ልኡኽ ፌደረሽን ሩስያ፡ ትማሊ ኣብ ሰዓታት ምሸት ወደባዊት ከተማ ባጽዕ ኣትዩ።

ላዕለዋይ ልኡኽ ፌደረሽን ሩስያ ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ባጽዕ ኣብ ዝኣተወሉ፤ ሓለቓ ጠቕላሊ ስታፍ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ጀነራል ፊሊጶስ ወልደዮውሃንስ ዝመርሖም ላዕለዎት ኣዘዝቲ ሰራዊት፡ ከምኡ'ውን ኮሚሽነር ባህልን ስፖርትን ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ ብህዝባዊ ጸወታታት ዝተሰነየ ኣቀባብላ ገይሮምሉ።

እዚ ዑደት'ዚ፡ ኣካል ዝኽሪ መበል 30 ዓመት ወግዓዊ ምምስራት ዲፕሎማሲያዊ ዝምድና ኤርትራን ፌደረሽን ሩስያን ኮይኑ፡ ነቲ ተጀሚሩ ዘሎ ዝምድና ንምድልዳል፡ ከምኡ'ውን ንኽልቲአን ሃገራት ኣብ ዘገድሱ ዛዕባታት ንምምይያጥ ዝዓለመ'ዩ።

እዚ ከምዚ'ሉ ከሎ፡ ኣባላት ናይ'ታ ካብ 28 መጋቢት ዑደት ክትፍጽም ዝቐጸለት ወተሃደራዊት መርከብ ሓይሊ ባሕሪ ፌደረሽን ሩስያ፡ ኣብ ጥንታዊ ከባቢታት ባጽዕ፡ ሓወልቲ ሰማእታት ጥዋለት፡ ቤት-መዘክር፡ ከምኡ`ውን ጎማጎም ገርገሰም ዑደት ከካይዱ ከለዉ፡ ምስ ጋንታ ሓይሊ ባሕሪ ኤርትራ ድማ ምሕዝነታዊ ግጥም ኩዕሶ እግሪ ኣካይዶም።

ሓለቓ ስታፍ ሓይሊ ባሕሪ ኤርትራ ኮሎኔል መልኣከ ተኽለማርያም ድማ፡ ንመኮንናት ናይ`ታ ወተሃደራዊት መርከብ ኣብ ኣዳራሽ 'ስውእ ሜጀር ጀነራል ሑመድ ካሪካረ' እንግዶት ብምግባር፡ ንኤርትራን ባህላን ዘንጸባርቕ ህያብ ኣበርኪቡሎም።


ስእሊ - ኣብርሃም በየነ


ስእሊ - ኣብርሃም በየነ


ስእሊ - ኣብርሃም በየነ

# ኣለቡ - 'ዝሑል መኽዘን' ኣብ ምዕቃብ ፍርያት ኣስተዋጽኦ ይገብር

ኣብ ንኡስ ዞባ ሃይኮታ - ምምሕዳር ከባቢ ኣለቡ ዝተደኰነ ዝሑል መኽዘን ኣገልግሎት ምጅማሩ፤ ኣብ ምዕቃብ ምህርቲ ሕርሻን ኣብ ፋብሪካታት ጥፍጥፍን ኣፍራይምቡልን ዝተዓለወ ሳልሳን ዕዙዝ ኣስተዋጽኦ ይገብር ከምዘሎ ተሓቢሩ።

ኣካያዲ ስራሕ ናይ'ቲ ትካል ኢንጂነር ሳልሕ ሓምድ፡ እቲ ሰለስተ ደረጃታት መዝሓሊ ዝሓቀፍ ዘመናዊ መኽዘን - ዝተማስርሐን ዘይተማስርሐን ኣሕምልትን ፍረታትን ከምኡ'ውን ወጽኢት ጸበን ስጋን ዓሳን ዝዕቅበሉ መዝሓሊ ክፍልታት ከምዘለዎ ገሊጹ።

ኣካያዲ ስራሕ ፋብሪካታት ጥፍጥም ኣለቡን ኣፍራይምቡልን ሌተና ኮሎኔል ተኪኤ ወልዱ ድማ፡ ምስ ምጅማር ኣገልግሎት ዝሑል መኽዘን፡ ኣብ'ተን ፋብሪካታት ዝተማስርሐ ሳልሳ - ክሳብ ዝፋፈል ምቹእ መኽዘኒ ረኺቡ ስለዘሎ፡ ብሰንኪ መቐት ኪጋጥም ዝጸንሐ ምብልሻዋት ከምእተወገደ ኣብሪሁ።

# ን/ዞባ ዓረዛ - መጠን ሕርሲ ኣብ ትካላት ጥዕና ወሲኹ

ኣብ ንዞባ ዓረዛ እትርከብ መደበር ጥዕና ዓዲ-ጉልቲ፡ ብእተካየደ ስሩዕ ኀበረሰብ ክትትልን፤ ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ኣዋርሕ ማጠን ሕርሲ ብልዐሊ 10 ሚእታዊት ዓቢዩ።

ሓላፊ ናይ'ታ መደበር ጥዕና ነርስ መድሃኔ ተስፋስላሴ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣብ 2023 ማጠን ሕርሲ ኣብ ትካል ጥዕና 16 ሚእታዊት ዝበረ፡ ኣብ 2024 ናብ 20% ንምዕባዩ ብዝሰላሰል ዘሎ ዝተወሃሃደ ዕዮ፡ ኣብ'ዘን ዝሓለፉ ሰለስተ ኣዋርሕ ብ10 ሚእታዊት ክብ ከምዝበለ ገሊጹ።

ኣብ'ታ መደበር ጥዕና፡ ክትትል ቅድምን ድሕርን ሕርሲ፤ መርመራ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስን ካልኦት ተመሓላለፍቲ ሕማማትን ኣገልግሎት ውጥን ስድራቤትን ህጻጽ ረዲኤትን ከምኡ'ውን ካልእ ከምዝወሃብ ዝሓበረ ነርስ መድሃኔ፡ ዘሎ ሕጽረታት ፍታሕ ክረኽብ ከምዘለዎ ተማሕጺኑ።

ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ ዓዲ-ጉልቲ ኣቶ መሓሪ ጸጋዝግኣ ብወገኑ፤ እታ መደበር ጥዕና ንሓሙሽተ ምምሕዳራት ከባቢ ዓዲ-ቀምሖ፡ ዓዲ-ጉልቲን ዓዲ-ብልሰይን ዝማስን ኣገልግሎት ትህብ ከምዘላ ብምሕባር፡ ኣብ ቁጽሪ ኣብ'ታ መደበር ዝሓርሳ ኣዴታት ዝተራእየ ወሰኽ፡ ወጽኢት ናይ'ቲ እናበረኸ ዝመጽእ ዘሎ ንቕሓት ከምዝኾነ ኣረዲኡ።

መደበር ጥዕና ዓዲ-ጉልቲ፡ ካብ ዓረዛ ንሸነኽ ሰሜን ኣስታት 6 ኪሎሜተር ርሒቓ ትርከብ።


ስእሊ - መረሕ ተስፋይ



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ዓይነት ሕማማት ኩሊት

ሕማም ኩሊት፡ ሰብነትና ጽሩይ ደም ንኸይረኽብ ይጸልእ። ንምርባሕ ቀያሕቲ ዋህዮታት ደም'ውን ይዕንቅፍ። ንጥዕና ኣዕጽምቲ ሰብነትና ኣገዳሲ ዝኾነ ቫይታሚን 'ዲ' ብዝግባእ ከም ዘይሰርሕ ይገብር። ሰብ

ምስ ክልተ ኩሊት ኢና እንውለድ። ኩሊትና፡ ኣብ ክልቲኡ፡ ኣብ ጸጋማይን የማናይን ክፋል ዓንዲ ሕቖና ይርከብ - ኣብ ከብዲ ልዕሊ ማዕጥቓና።

ኩላሊትና ዕንወት ምስ ዘጋጥመን፡ ኣብ ሰብነትና ረሳሕ ሳብስታንስታን ፈሳሲትን ክእከቡ ይጅምሩ። እዚ፡ ሕበጥ ኣብ ዓንካር ዓንካሪት፡ ዕግርግርን ተምላስን፡ ድኻም፡ ድኹም ድቃስ፡ ከምኡ'ውን ሕጽረት እስትንፋስ የስዕብ። ብዘይ ግቡእ ፍወሳ፡ እቲ ዕንወት፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናበኣሰ እዩ ዝኸይድ። ኣብ መወዳእታ እተን ኣካላት ካብ ስራሕ ደው ክብላ ይግደዳ። እዚ ደረጃ'ዚ ናብ ሞት ዝበጽሕ ከቢድ ሕማም እዩ ዝፈጥር።

**ዕማም ናይ ኩሊት**

**ጥዕና ዘለዋ ኩሊት፦**


= ኣብ ደምና ምዕሩይ ዝኾነ ማይን ከም ሶድየም፡ ፖታሽየምን ፎስፎረስን ዝኣመሰሉ ማዕድንን ከም ዝህሉ ትገብር።

= ብዝግባእ ሓቒቑ ኣብ ደም ኣብ ዝተሓወሰ መግቢ (ሜታቦላይዝ ካብ ዝኾነ ማለት እዩ) ክህሉ ንዝኸእል ረሳሕ ነገራት ተጻሪ። ንንጥረታት ጭዋዳ ተሐይል። ኣካላትና ንዘተፈላለዩ ጉዳእቲ ከምኒካላትን መድሃኒታትን ከይቃላዕ ትከላኸል።

= 'ረኒን' (renin) ዝተባህለ ኢንዛይም ተፍሪ። እዚ ኢንዛይም'ዚ ሰብነትና ጸቕጢ ደም ንምቍጽጻር ይሕግዝ።

= 'ኢሪይትሮፐኢቲን' (erythropoietin) ዝተባህለ ከሚካል'ውን ተዳሉ። እዚ ከሚካል'ዚ ኣብ ሰብነትና ቀያሕቲ ዋህዮታት ደም ብዝግባእ ከም ዝፍረዩ ይገብር።

= ንጡፍ ዝኾነ ቫይታሚን 'ዲ' ትምስርሕ። ጥዕና ዓጽምና ዝሕሉ ቫይታሚን እዩ።




= ኣብ ውሽጢ 30 ደቓይቕ ኣብ ውሽጢ ሰብነትና ዘሎ ደም ንኸሉ ተጻሪ።

ኣብ ኩሊት ዘጋጥም ሕማም ሕዱር እንተኾይኑ፡ ንምፍዋሱ ዝከኣል'ኳ እንተዘይኮነ፡ ኣብ ኣነባብራ ለውጢ ብምግባር ከምኡ'ውን ግቡእ ክንክን ብምውሳድ፡ እቲ ሕማም ከውርዶ ንዝኽእል ቅልጡፍ ጉድኣት ንምንካዩ ይከኣል እዩ።

**ዓይነታት ሕማም ኩሊት**

ሕዱር ሕማም ኩሊት (Chronic kidney disease -CKD)

ሕዱር ሕማም ኩሊት ዝበሃል፡ እታ ኣካል ካብ ደም ርስሓት/መርዝታት ከተጻሪ ምስ ዘይትኽእል እዩ። እቲ ኩነታት በቢኸብዲቱ ዝፈላለ'ኳ እንተኾነ፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናበኣሰ ናብ ሞት እዩ ዘብጽሕ።

ሕዱር ሕማም ኩሊት ብኢጋኡ ክትፍወሶ ወይ ክትተናኸኖ ምስ ዘይትኽእል፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ናብ ምሉእ ዕንወት ናይ ኩሊት እዩ ዝሰጋገር። ናይ መወዳእታ ደረጃ ሕማም ኩሊት (end-stage renal disease) ተባሂሉ ድማ ይጥቀስ። ኣብዚ ደረጃ'ዚ ዝውሃብ ክንክን 'ድያለሰስ' (dialysis) ወይ ድማ ምትኽኻእ ኩሊት እዩ። ሕማም ሽኮርን ጸቕጢ ደምን ካብቶም ብቐዳምነት ዝጥቀሱ ጠንቂ ናይዚ ዓይነት ሕማም ኩሊት እዮም።

ብደረጃ ዓለም 1 ካብ 10 ሰባት በዚ ሕማም ከም ዝጥቃዕ ሕክምናዊ መጽናዕትታት የመልክቱ። 40 ሚእታዊት ካብቶም ከምዚ ዓይነት ጥዕናዊ ጸገም ዘጋጥሞም ሰባት፡ እቲ ሕማም ከም ዘለዎም ኣይፈልጡን።

ካልኦት ዓይነት ሕማም ኩሊት

* 'ፖሊሳይስቲክ' (Polycystic kidney disease)፦ እዚ ብሰንኪ ምዝንባዕ ናይ ጅን ዘጋጥም ሕማም ኮይኑ፡ ከረጺት (cysts) ናይ ኩሊት ብዝግባእ ክዓብዩን ብግቡእ ንጥረታቶም ከካይዱ ብዘይምኽኣሎምን የጋጥም። ከም ሳዕቤኑ ካብ ደም ርስሓት ናይ ምጽራይ ዓቕሞም ወሰን ይኸውን።

* ነድሪ ኩሊት 'ሉፐስ' (Lupus nephritis)፦ 'ሉፐስ' (lupus)፡ ሕማም ዝከላኸል ስርዓት ኣካላትና ኣብ ልዕሊ ጥዑያት ዋህዮታት ወይ ኣላት ሰብነትና ግጉይ መጥቃዕቲ ክፍጽም እንከሎ ዘጋጥም ጥዕናዊ ጸገም እዩ። ስርዓት ምክልኻል ሕማም ኣካላትና ብጌጋ ንኩሊት ከጥቅዕ እንከሎ ዘጋጥም ሕማም ድማ ነድሪ ኩሊት 'ሉፐስ' (lupus nephritis) ተባሂሉ ይጽዋዕ።

* ነድሪ ኩሊት 'ኢንተርስቲሽያል' (Interstitial nephritis)፦ ንስራሕ ኩሊት ዘኻድዕብ ሕማቕ ግብረ መልሲ ዘለዎ መድሃኒት ምስ ወሰድካ ዘጋጥም ጥዕናዊ ጸገም እዩ። ነቲ መድሃኒት ምውሳድ ምስ እትቋርጽ፡ ጸቢቑ ኢጋጥሚ እንተኾይኑ፡ ዝኾነ ጎድናዊ ሳዕቤን ከይገደፈ፡ እቲ ኩነታት ክመሓየሽ ይኽእል እዩ።

* ሕማም 'ግሎሜሩላር' (Glomerulonephritis)፦ 'ግሎሜሩሊ' (glomeruli)፡ ኣብ ኩሊት ዝርከቡ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ካብ ደም ረስሓት ዘጽርዩ መናፊት እዮም። ኣብዞም መናፊት'ዚኦም ዘጋጥም ጥዕናዊ ጸገም፡ ሕማም 'ግሎሜሩላር' ይበሃል። ክቱር ምቕጻል ሓደ ካብቲ እዚ ሕማም ዘርእዮ ባህሪ እዩ።

* ብቫይረስ ዝስዕብ ሕዱር ሕማም (Long-lasting viral illnesses)፦ ከም 'ኤች. ኣይ. ቪ. - ኤይድስ፡ ነድሪ ጸላም ከብዲ - 'ሄፐታይትስ 'ቢ'ን 'ሲ'ን ሕዱር ሕማም ኩሊት የማዕብሉ እዮም።

*ረኽሲ ኩሊት (pyelonephritis)፦ ረኽሲ ኩሊት መብዛሕትኡ ግዜ ወጻኢት ናይ ኣብ መትረብ ሽንቲ (urinary tract) ብዝፍጠር ጸገማት ተባሂሉ እዩ ዝግለጽ። እቲ ረኽሲ ናብ ሓንቲ ወይ ክልቲአን ኩሊት ክልሕም ይኽእል። ረኽሲ ኩሊት ቅጽበታዊ ወይ ሕዱር ክኸውን ይኽእል እዩ። ብኣግኡ ክፍወስ ምስ ዘይክእል፡ ንህይወት ዝፈታትን ክቱር ቃንዛ እዩ ዘለዎ። ረኽሲ ኩሊት ብሕክምናዊ ኣገላልጻ ነድሪ ጎሎ ኩሊት ማለት 'የለፍራይትስ' (pyelonephritis) ተባሂሉ ይግለጽ።

* ጸጸር ኣብ ኩሊት (kidney stone)፦ ጸጸር ኣብ ኩሊት፡ ተረር ከም ጸጸር ዝመስል ንእሽቶ ዕንጓር ኣብ'ታ ኣካል ምስ ዝፍጠር ዝርአ ጥዕናዊ ጸገም እዩ። እቲ ጸጸር ዝመስል ዕንጓር ካብ ካልሽየም፡ ፖታሽየም፡ ሽንታዊ ኣሲድ (ዩሪክ ኣሲድ) ወዘተ ካብ ዝተባህሉ ከሚካላዊ ውህደት ክፍጠር ይከኣል።

ጸጸር ፈለማ ኣብ ኩሊት እዩ ዝፍጠር። ቀስ ኢሉ ግና ናብ ካልእ ምስ ኩሊት ዝተኣሳሰር ክፍልታት ሰብነት ብምኻድ ክምዕብል ይኽእል። እቲ ዕንጓር ጸጸር ወጻኢ ካብ ኩሊት ኣብ ውሽጢ መሸንቶ (ureters)፡ ኣብ ፍሕኛ ሽንቲ (bladder)፡ ኣብ መትረብ ሽንቲ (urethra) ክምዕብል ይኽእል።

ጸጸር ኩሊት ንምሕካሙ ኣገዳሲ ኣቓንዛዊ ሕማም እዩ። ጠንቂ ናይዚ ሕማም፡ ከም ዓይነት ናይቲ ማዕበሉ ዘሎ ዕንጓር ይፈላለ።

**ጠንቅታት ሕማም ኩሊት**

ጠንቅታት ዘዩሳቡ ሕማም ኩሊት - Acute kidney disease:- ኩሊት ሃንደበት ስርሓ ምስ እተቋርጽ፡ ሓካይም 'ዘዩሳቡ ዕንወት ኩሊት' ኢሎም ይገልጽዎ። ካብቶም ቀንዲ ጠንቅታት ናይዚ ሕማም፦

ናብ ኩሊት እኹል ደም ዘይምውሓዙ፡

ኣብ ልዕሊ ኩሊት ቀጥታዊ ጉድኣት ምውራድ፡

ሽንቲ ናብ ኩሊት ምምላስ እዮም።

እዞም ጸገማት ኪጋጥሙ ዝኽእሉ፦

ብሰንኪ ሓደጋ ብዙሕ ደም ክፈስስ እንከሎ፡

ብሰንኪ ንቕጸት ሰብነት ቲሹታት ጭዋዳታት ክዓቓቑ ክጅምሩ እንከለው፡

ኣብ ሻምብቆታት ደም፡ መርዚ ዝሓዙ ፕሮቲናት ብልዑል መጠን ክዝርግሑ እንከለው፡

ብሰንኪ ረኽሲ ወይ ዝተፈላለየ ሕማም ኣብ ሰንባዲ ክትኣቱ እንከለኻ፡

ብሰንኪ ምግዛፍ ጻኪ 'ፕሮስቴት' (prostate) ወይ ጸጸር ኩሊት፡ ሽንቲ ናብ ደገ ናይ ምውጻእ ጸገም ከጋጥመካ እንከሎ፡

ንተኣፋፊ ከሚካላት ወይ መድሃኒታት ክትቃላዕ እንከለኻ፡

ኣብ ግዜ ጥንሲ ዝተፈላለዩ ጥዕናዊ ጸገማት ምስ ዝህልወኪ ወዘተ እዮም።

ስርዓት-መከላኸሊ ሕማም ኣካላትና ብዘይንጹር ምኽንያት ንሰብነትና ከጥቅዩ እንከሎ ዘዩሳቡ ሕማም ኩሊት ከጋጥመና ይኽእል እዩ።

ግዱያት ከቢድ ሕማም ልብን ጸላም ከብድን ዝኾኑ ሰባት ብዘዩሳቡ ሕማም ኩሊት ክጥቅዑ ዘለዎም ተኽእሎ ዝሰፍሐ እዩ።

ጠንቂ ሕዱር ሕማም ኩሊት - Chronic kidney disease causes:- ኩሊት ንልዕሊ 3 ኣዋርሕ ብግቡእ ስርሓ ክትፍጽም ምስ ዘይትኽእል፡ ብሕክምናዊ ኣገላልጻ 'ሕዱር ሕማም ኩሊት' ተባሂሉ ይጽዋዕ። ሕማም ኩሊት፡ ክትፍወሶ ኣብ ዘከኣለሉ ፈላሚ ደረጃኡ ንጹር ምልክት ኣየርእን እዩ። ስለዚ'ዩ ድማ፡ ጥዕና ኣካላትና ንምሕላው ብስሩዕ መርመራ ክንካይድ ንምክር።

ሕማም ሽኮርን ልዑል ጸቕጢ ደምን ካብቶም ቀንዲ ጠንቂ ሕማም ኩሊት እዮም። ልዑል መጠን ሽኮር ኣብ ደም ምህላው፡ ኣብ ዝተናውሐ ግዜ ኣብ ልዕሊ ኩሊት ዕንወት የውርድ። ልዑል ጸቕጢ ደም ድማ፡ ኣብ ልዕሊ ሻምብቆታት ደም፡ እንተላይ ኣብቶም ናብ ኩሊት ዝበጽሑ ሻምብቆታት ምዕባስን ምቕዳድን ይፈጥር።

ኣብ ግዜ ምውላድ ዘጋጥም ጥዕናዊ ጸገም፡ ንመትረብ ሽንቲ ብምዕጻው ኣብ ልዕሊ ኩሊት ዕንወት ከውርድ ይኽእል እዩ።

ኣልኮልን ሕማም ኩሊትን

ኩሊት ኣብ ደምና ጉዳእቲ ሳብስታንስ፡ እንተላይ ኣልኮል ከይህሉ ተጻሪ። ኣልኮላዊ መስተ ኣብ እንሰትየሉ እዋን፡ ኩሊትና ዝያዳ ክትሰርሕ ትግደድ። ብዐብዚሒ ኣልኮላዊ መስተ ምስ እንወስድ፡ ኣብ ስራሕ ኩሊት ልዑል ጸቕጢ ስለ እንፈጥር፡ ጉድኣት ከውርዳ ዝኽእሎ ተኽእሎ ዝለዓለ ይገብር።

**ምልክታት ሕማም ኩሊት**

ልዑል ጸቕጢ ደም፡

ተምላስን ዕግርግርን፡

ምዕጻው ሽውሃት፡

ሓጺናዊ ጣዕሚ ኣብ መልሓስ፡

ክቱር ድኻምን ምስልካይን፡

ናይ ምሕሳብ ጸገም፡

ጸገም ድቃስ፡

ምጭብባጥን ቃንዛን ጭዋዳ፡

ሕበጥ እግርን ዓንካር ዓንካሪትን፡

ተደጋጋሚ ዝመላለስ ቃንዛ፡

ብሰንኪ ምእካብ ፈሳሲ ኣብ ከባቢ ልቢ ዝፍጠር ቃንዛ ኣፍ-ልቢ፡

ብሰንኪ ምእካብ ፈሳሲ ኣብ ሳንቡእ ዘጋጥም ሕጽረት እስትንፋስ፡

ጥዕና ኩሊት ንምሕላው .....

ክኢላታት ሕክምና ሓይጋታት ሕማም ኩሊት ንምንካይ ዝሕግዙ ብቐሊሉ ክንገብሮም ዝግብኣና ነጥብታት ዘርዚሮም ኣለው። ገለ ካብኦም

=> ጥዕና ዝሀቡ መግብታት ከም ፍሩታታት፡ ኣሕምልቲን ጥረታትን ዝኣመሰሉ መግብታት ምምጋብ። ልዑል ፕሮቲን ዘለዎም ከም ስጋን ጸባን ብዐብዚሒ ዘይምውሳድ።

=> ቀጻሊ ምውስዋስ ኣካላት ብምኽያድ ድልዱል ኣካላዊ ብቕዓት ምውናን።

=> መጠን ሽኮር ኣብ ደምካ ምቁጽጻርን ምዕቃብን።

=> ቀጻሊ መጠን ጸቕጢ ደምካ ምቍጽጻርን ኣብ ንቡር ደረጃኡ ምሕላውን።

=> ብዙሕ ሽኮር ዘይምውሳድ። መዓልታዊ ብዙሕ ማይ ምስታይ፡ በዚ ድማ ኩሊት ብዐብዚሒ ፈሳሲ ከም እትረክብ ምግባር።

=> ሽጋራ ምትካኽ ምቍራጽ፡ ወይ'ውን ፈጺምካ ዘይምትካኽ።

=> ልዕሊ ዓቐን መድሃኒት ካብ ምውሳድ ምቍጣብ። ተፈጥሮኣዊ ንጥዕና ኩሊት ሓገዝቲ ዝኾኑ ዘቤታዊ ክንክን ምግባር።

=> ናብ ሓኪም ብምኻድ ብዝዕባ ጥዕና ኩሊትካ ቀጻሊ መርመራ ምክያድ።

=> ስድራቤትካ ናይ ኩሊት ጸገም ዘለዎም እንተኾይኖም ድማ ንሽኻ ናብ ሕክምና ቀጻሊ ምምልላስ ከም ዘድልየካ ዘይምዝንጋዕ።

ምንጪ፦ webmd

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ
ቤተልሄም ታደሰ
ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247


ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

ሽባብ
ሃማመተኤ

ሓሳባት

# ስራሕ ከም ቤት ትምህርቲ






ኣብ ህይወትና ብብዙሓት ኣብያተ ትምህርቲ ኢና እንሓልፍ። ኩሉ ከምዝፈልጦ እታ ቀዳመይቲ ቤት ትምህርቲ ስድራቤት እያ። ድሕሪኣ ስዒቡ ዝመጽእ ንባህርያትና ዝሰርዕ ፍልጠት እንቐስመሉ ቤት ትምህርቲ ከኣ እቲ እንዓበየሉ ከባቢ እዩ። እዘን ክልተ ኣብያተ ትምህርቲ'ዚኣተን፡ ብዛዕባ ማሕበራዊ ህይወት ደቂሰባት መሰረታዊ ፍልጠት ኣቕሲመን ባህልን ስነ-ኣእምሮኣዊ መንነትን ዘትሕዛና እየን። ተመራመርቲ ስነ-ሰብ፡ ባህሊ ሕብረተሰብ ብቐንዱ ክሳብ 10 ዓመት ዕድመ ኣብ ዘሎ እዋን ኣብ ኣእምሮ ዝዓብዩ ቆልዑ ከምዝሰርጽ ብምሕባር፡ እዚ ስርጸት'ዚ፡ ኣብቲ ዝስዕብ ህይወት ዋላ ግዜን ኩነታትን ይለዋወጥ ዓቢ ጽልዋ ከምዘለዎ ይገልጹ።

ኣብዚ ዘመናዊ ዓለም፡ ድሕሪ ስድራቤትን እንዓበየሉ ከባቢን ስዒቡ ዝመጽእ ቤት ትምህርቲ፡ እቲ ካብ ቅድመ ትምህርቲ ጀሚሩ ክሳብ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ ዝዝርጋሕ ስሩዕ ኣካዳሚያዊን ሞያውን ቴክኒካዊን ኣብያተ ትምህርቲ እዩ። ኣብዞም ትካላት'ዚኣቶም ዝወሃብ ትምህርቲ፡ መንእሰይ፡ ብዛዕባ ኑብሱ፡ ኣከባቢኡን ኣድማስን ስነፍልጠታዊ ሓበሬታ ሰኒቑ፡ ህይወቱ ብዝበለጸ መገዲ ክመርሕ ዘኽእሎ ሞያን ክእለትን ኣጥርዩ፡ መጻኢ ህይወቱ ንኽሃንጽ ዝሕግዞ ብምዃኑ ኣዝዩ ወሳኒ እዩ። ይኹን'ምበር ትምህርቲ ኣብዚ ደረጃ'ዚ በጺሑ እውን ደው ዝብል ኣይኮነን። ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ዝቐሰም ፍልጠትን ሞያን፡ ናብ ግብራዊ ንጥፈት ዘሰጋግር መበገሲ ጥራይ እዩ። እቲ ድሕሪኡ ዝመጽእ ዝዓበየ ቤት ትምህርቲ ስራሕ እዩ።

ናይ ስራሕ ዓለም እቲ ቐንዲ ቤት ትምህርቲ ምዃኑ ዘረጋግጹ ብዙሕ ጭብጢታት ክዝርዝር ይከኣል እዩ። ኣብ ከባቢና፡ ዝኾነ ቀለማዊ ትምህርቲ ከይወሰዱ፡ ዝተፈላለየ ሞያን ክእለትን መሊኾም ህይወቶም ዝመርሑ ሰባት ኣጋጢሞምና ይኾኑ። እንሓንሳብ እዞም ሰባት'ዚኣቶም ካብቶም ብዙሕ ቀለማዊ ትምህርቲ ዝቐሰሙ ሰባት ንላዕሊ ዕዉታት ክኾኑ እውን ንርኢ። ነዞም ሰባት እዚኣቶም ዝመሃረ ቤት ትምህርቲ እንታይ'ዩ? እንተድኣ ኢልና፡ ዕዮ እዩ። ስሩዕ ትምህርቲ ከይተማህሩ፡ ብህርኩትናኦም ብብልሓምን መሃዝኦምን ንዓለም ዝቐየሩ ብዙሓት መሃዝቲን ፈላስፋታትን እውን ብኣብነት ምዝርዛር ዝከኣል እዩ። የግዳስ ናብ ካልእ ከይዘለልና፡ ንታሪኽና ምልስ ኢልና ክንውከስ ተመራጺ ይኸውን። ኤርትራውያን፡ ኣብ ግዜ መግዛእቲ ጣልያን፡ ካብ 4ይ ክፍሊ ንላዕሊ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ክይምሃሩ ክልኩላት እዮም ነይሮም። ይኹን እምበር ኣባሓጎታትናን ኣቦታትናን፡ ቀለማዊ ትምህርቲ ይተሓረሞም እምበር፡ ኣብ ስራሕ ዓለም ተዋፊሮም ብብልሓምን ተገዳስነቶምን ዝመለኽዎ ሞያን ክእለትን ቀሊል ኣይነበረን። ከም ተለኣኣኽቲን ተሓጋገዝቲን ኮይኖም ኣብ ዝተፈላለየ ዓውድታት ኣብ ዝጥፍሉ ግዜ፡ ኣብቲ ዝኣተውዎ ሞያ፡ ማዕረ'ቶም ኣስራሕቶም ዝነበሩ ጸዓዱ፡ ኣረ እንሓንሳብ ልዕሊኦም ክኾኑ ምርኣይ ልሙድ እዩ ነይሩ። ካብዚ ተበጊሶም፡ ጣልያን ንህዝቢ ኤርትራ ኣብ ቴክኒካዊ ክእለት ልዑል ተውህቦ ዘለዎ ህዝቢ ኢሎም ይገልጽዎ ነይሮም። ብርግጽ ድማ ምስ ካልኦት ብዙሓት ኣብ ምምዕባል ዝርከቡ ህዝብታት ክነጻጸር እንከሎ፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ቴክኒካዊ ስርሓት ፍሉይ መንቋሕቋሕታ ከርኢ ዝበቅዐ ህዝቢ እዩ። ዕድል ኣይረኸበን እምበር ኣብ ካልእ ዓውድታት እውን ተመሳሳሊ ተውህቦ ክህልዎ ግድን እዩ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት፡ ብተፈጥሮኡ ፍሉይ ትዕድልቲ ስለዝተዓደለ ኣይኮነን። እቲ ምስጢር እቲ ንስራሕን ጻዕረኛነትን ዝድርኾ፡ ብኡብኡ ናይ ምሕዳር ሓቦን ኒሕን ዘሰንቕ ባህሉ እዩ። ህርኩትን ፈታው ስራሕን ድማ፡ ዝኾነ ሞያ ክምሃርን ክመልኽን ዘጸግሞ ኣይኮነን።

ምስጢር ዕውት ህይወት እምበኣር፡ ብቐንዱ ስራሕ ምዃኑ፡ መንእሰይ ወለዶ ብዕምቈት ክግንዘቦ ኣገዳሲ እዩ። ብኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ዕውታት ዝኾኑ መንእሰያት ይኹኑ ዘይዕዉታት፡ ኣብ መወዳእታ እቲ ዝዓበየን ቀንዲን ቤት ትምህርቲ ናይ ስራሕ ዓለም ምዃኑ ክፈልጡ ኣገዳሲ እዩ። ካብ ትምህርቲ ዓለም ሰጊሩ ናብ ስራሕ ዝዋፈር መንእሰይ፡ ነዚ ሓቂ እንተተገንዚቡ ንዝተዋፈረሉ ስራሕ ከም ቤት ትምህርቲ እናጠመተ ካብ'ቶም ቀድሚኡ ኣብ ስራሕ ዝጸንሑ መሳርሕቱ ብዙሕ ግብራዊ ተሞኩሮ ብምቕሳም፡ ኣብ ኣዝዩ ሓጺር ግዜ ዝተፈላለየ ሞያታት ክመልኽ ልዑል ተኽእሎ ኣለዎ። ንስራሕ ብዓይኒ ትምህርቲ ዝጠመቶ መንእሰይ፡ ኣብ ዝኣተዎ ኣብያተ ስራሕ፡ ገንዘብ ከይከፈለ ክመሃሮ ዘኽእል ቡብዓይነቱ ሞያታት፡ ብልምምዳት ክመልኮም ዘኽእል ዝተፈላለዩ መሳርሒታትን ሓደስቲ ቴክኖሎጂን ከምዘለዉ ብምስትብሃል፡ ናብ ረብሓኡ ከውዕሎም ርሒብ ዕድል እዩ ዘለዎ። እቲ ምስጢር፡ ንስራሕ ብዓይኒ ትምህርቲ ጠሚትካ ሞያ ንምጥራይ ብጉስ ምዃን ጥራይ እዩ።

ከምዝፍለጥ፡ ርእሰ ምርኩሳ ሃገራዊ መትከልና እዩ። እዚ መትከል'ዚ ብደረጃ ሃገር ጥራይ ዘይኮነ ብደረጃ ውልቀሰብ እውን እንተኾነ ኣውራ ድማ ብደረጃ መንእሰይ ከም መምርሒን መትከልን ናይ ህይወት ክውሰድ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ምኽንያቱ ኣብ ገዛእ ዓቕምኻን ክእለትካን ምምርኳስ ዓቢ ጸጋ እዩ። ነዚ ጸጋ'ዚ ንምውናን ዘድሊ ረቛሒ ድማ ካልእ ዘይኮነ ሓያል ናይ ዓያይነት መንፈስን ናይ ስራሕ ዲሲፕሊንን ጥራይ እዩ። በዚ ምኽንያት፡ ዜጋታት ብሕልፊ ከኣ እቶም መንኩርኩር ለውጢን ምዕባለን ዝኾኑና መንእሰያት ኣብ ስራሕ ዓለም ኣብ እንዋፈረሉ እዋን፡ ንቦታ ስራሕ ከም ቤት ትምህርቲ ጠሚትና ክንረብሓሉ ባዕላዊ ተበግሶ ክንወስድ የድሊ። ገዳይም ሰራሕተኛታትን ሓለፍቲን ሕጉሳት ኮይኖም ሞያኦምን ፍልጠቶምን ከምዘካፍሉና እንገብሮም ብቐንዱ ባዕልና ኢና። ንቦታ ስራሕ ብዓይኒ ቤት ትምህርቲ ክንጥምቶ ኣብ እንጅምረሉ ግዜ፡ ኣብ ግዳም ብዙሕ ገንዘብ ከፊልና ክንመሃሮ እንግደድ ዝተፈላለየ ሞያታት ኣብ ቦታ ስራሕ ብጥርሑ ክንረኽቦ ኢና። እቲ ሓቂ እዚ እናኾነ ግን፡ ገለ ገለ ኣብ ስራሕ ዝተመደቡ መንእሰያት እዚ ጸጋ'ዚ ኣይረኣዩዎምን እዮም። ኣብ ክንዲ ኣብ ከባቢኦም ንዘሎ መሳርሒታትን ዝተፈላለየ ሞያታትን ንምምላኽ ኑብሶም ኣብ ልምምድን ስራሕን ጸሚዶማ ዝውዕሉ፡ ዝተኣዘዝዎ ጥራይ እናሰርሑ፡ ትእዛዝ እንተዘይተዋህቦም ድማ "ስራሕ ዘየለ" እናበሉ፡ እናሻዕ ናብ ካፈተርያ እናተመላለሱ ክሳብ ዒፍ ዝብሎም ሻሂን ማኪያቶን ከኩማስዑን ከምባህቑን ዝውዕሉ ውሑዳት ኣይኮኑን።

ከምዝፍለጥ መንግስቲ፡ ምምዕባል ሰብኣዊ ዓቕምታትን ምምላኽ ዝተፈላለየ ሞያታትን ዘመናዊ ቴክኖሎጂን፡ ኣብ መደባት ህንጸት ሃገር ልዑል ኣቓልቦ ሂቡ ኣብ ዝሰርሓሉ ዘሎ ዕማማት ሓደ እዩ። ኣብ ዝተፈላለየ ስርሓት ዝተዋፈሩ ዜጋታት ብመጠን ህርኩትናኦም፡ ኣፍራይነቶም ብተዓጻጻፊ ንኽዓቢ ዝተማልአን ዘመናዊን ቴክኖሎጂን ክዓጥቁ ከምዝድሊ ብምግንዛብ ከኣ፡ ብኸቢድ ወጻኢታት ኣዝዩ ምዕቡል ቴክኖሎጂን ዝተራቐቐ ማሺነሪታትን ንምትእትታው ብቐጻሊ ጊዜፍ ወፍሪ ኣብ ምግባር ይርከብ። እዚ ዘመናዊ ቴክኖሎጂን ማሺነሪታትን ብብዝሒን ብቐጻልነትን እናተኣታተኸ፡ ሞያውን ቴክኖሎጂያዊን ብቕዓት ዜጋታት ኩብ ንምባል ዝሰርሓሉ ዘሎ መደብ እምበኣር ንዓና ንመንእሰያት ቡብዓይነቱ ክእለትን ሞያን ክንሰንቕ ዘኽእለና ዓቢ ዕድል እዩ። ነቲ ዘሎ ዕድላት ኣብ ረብሓና ንምውዓል ብንጥፈት ምስ እንንቀሳቐስ ድማ፡ ብደረጃ ውልቅና ይኹን ብደረጃ ሃገር ዝህልወና መኽሰብ ብቐሊሉ ዝግመት ኣይኮነን። ምውናን ፍልጠት፡ ሞያን ክእለትን፤ ምምላኽ ዘመናዊ ቴክኖሎጂን መሳርሒታትን ንውልቃዊን ሕብረተሰብኣዊን ምዕባለ ቀንዲ ረቛሒ ስለዝኾነ!!

## ሓዳስ ሕታም
## መጽሔት መንእሰይ

ናይ ወርሒ መጋቢት 2024 ሕታም መጽሔት መንእሰይ ቁጽሪ 79፡ ዘቤታዊ፡ ዘባውን ኣህጉራውን ዛዕባታት፤ መሃሪ፡ ሓበሬታውን ኣዘናጋዕን ትሕዝቶታት ሒዛ ተዘርጊሓ ኣላ። ብተወሳኺ ኣብ መርበባት ሓበሬታ ኣብ www.shabait.com ከምኡ'ውን ኣብ www.eriyouth.orgን ኣብ ካልኦት ማሕበራዊ መራኸቢታትን ክትረኽብዋ ትኽእሉ።

# ስድራቤት

ዮሴፍ ሃይለማርያም

## ዝምድና ኣቦታትን ደቂቆምን ንኽሕይል

ምስዚ ዘሎ ዘመን ዓውሎም፣ ናይ ሎሚ ስድራቤታት ብሓያል ማዕበል እየን ዝናወጻ ዘለዋ። ከም ውጽኢቱ ድማ ኣብ ቀጻሊ ማስርሒ ለውጢ ስለዝርከባ፣ ትርጉም ስድራቤታት ይሰፍሕን ይዓቢን ኣሎ። ብፍላይ ኣብ ምዕራባዊ ዓለም ንህላወ እታ ብኣቦን ኣደን ዝቖመት ስድራቤት ዝፈታትኑ ተርእዮታት ከቢድ ብደሆ ኮይኑ ይርከቡ። ብሰንኪ ዓውሎማ ኣብ ዝሓለፈ ሰለስተ ዕቑድ (30 ዓመታት) ለውጢ ማሕበረሰብ ተራእዩ እዩ። ኣብ ምዕራባዊ ዓለም ከኣ'ሞ ቁጽሪ ናይተን ብሱቡኣይ ወይ ብሰበይቲ ጥራይ ዝምርሓ ስድራቤታት ወሲኹ እዩ። ብዚይ ቃል ኪዳን ማለት ተጠራኒፎም ብሓባር ናይ ዝነብሩ ወለዲ ቁጽሪ እውን ኣመና ዛይዱ ይርከብ። እዚ ኩሉ፣ ንብዙሓት ቈልዑ፣ ኣቦታት ረኺቦም ንኸይዓብዩ፣ ንብዙሓት ወለዲ ድማ ኣቦታት ናብ ናይ ምኳን ደረጃ ንኸይሰግሩ ሓያል ብደሆ ፈጢሩሎም ከም ዘሎ ይንገር። ከም ውጽኢቱ ዓቕን ፍትሕን ዳግማይ ምምርዓውን በዚሑ ኣሎ። ጠንቂ ናይ'ዚ ኩሉ፣ ሽሕ'ኳ ዓውሎማ ዝፈጠሮ ብደሆ እንተኾነ፣ ማዕረ-ማዕረኡ ግን እታ ኣቦን ኣደን ብጥምረት ዝመርሕዋ ስድራቤት ክትሕይል ዘይምኽኣላ እዩ። ስለዚ፣ ብመንፈስ፣ ብኣእምሮን ብኣካልን በሰሎም ዝዓበዩ ወሉዶት ምእንቲ ክበዝሑ፣ ኣብ ፅታውያን ወለዲ ክበዝሑ ኣለዎም፣ ልዕሊ ኹሉ ድማ ኣቦታት፣ ዝተሰከምዎ ሓላፍነት ሸለል ከይበሉ፣ ደቆም ብዋዕኦ ኩሰኩሶም ኣብ ምዕባይ ክነቕሑ ይግባእ።



እዞን ዝስዕባ ሓደ በዓል ሓዳር ሰብኣይ፣ ኣቡታዊ ኣቦ ንክኸውን ዝሕግዝኦ ነጥብታት'የን፦

- **ምስ ወላዲካ ግዜ ኣሕልፍ፦** ኣቦ ግዜኡ ምስ ወላዱ ከሕልፍ ከሎ፣ ንወላዱ እቲ ዝበለጸ ህርሁ'ዩ ዝገልጸሉን ዝምህርን። ስለዚ፣ ቈልዑ ቀልጢፎም ስለዝዓብዩ፣ ኣቦታት ምስ ደቆም ዘሕልፍዎ ግዜ ሕጂ ምኳኑ ከስተውዕልዎ ጸቢቕ'ዩ። "ነርክበሉ ኢና" ዝብል ኣተሓሳስባ፣ ምስ ወላዶም ከሕልፍዎ ዝበርሞ ግዜ ከይሰርቆም ክጥንቀቑ ኣለዎም።
- **ብፍቕርን ስነ-ስርዓት ተግዳዝ፦** ኩሎም ቈልዑ ስነ-ስርዓትን መሪሕነትን ይደልዩ። እዚ ግን ብመቕጻዕቲ ዘይኮነስ፣ ንወላድካ ቅቡል ብዘኾነን ብፍቕሪ ብዝተደረኸን ቀይድታት ገደርካ ምዕባይ ማለት'ዩ። ከምኡ'ውን ኣቦታት ስነ-ስርዓት ኣብ ዝምህሩሉ ግዜ፣ ደቆም ናይ ዝወሰድዎ ተግባራት ሳዕቤን ከዘናኽርዎም ኣለዎም። ደቆም ንዘርእይዎ ቅቡል ጠባይ (ኣደብ) እውን እወታዊ ምስጋና ክህቡዎም ይግባእ። እዮም ብህድኣትን ብቕቡል ኣገባብን ንደቆም ስነ-ስርዓት ዘትሕዙ ኣቦታት፣ ኣብ ልዕሊ ደቆም ፍቕሪ ዘርእዩ እዮም።
- **ኣቡት ኩኑ ደረድእዎ ኣይረድእዎ፦** ኣቦታት ንደቆም ኣቡት ምኳኖም ክፈልጡ ይግባእ። ንኣቡት፣ ምስ ፈቃር ኣቦኣ ግዜኣ ዘሕለፈት ጓል፣ መዘኩኣ ኣውዓት ብጸቡቕ ክትናኸኡዋ መሰለ ምኳኑ እናፈለጠት'ያ ትዓቢ። ከምኡ'ውን መጻምዲ ዝኾና ሰብ ከመይ ዝበለ ክኸውን ከምዝለዎ እናጠመተትን እናተማህረትን ክትዓቢ ይሕግዛ። እዚ ኩሉ ካብ'ቲ ኣቡት ዝኾና ኣቦኣ ዝተማህረቶ'ዩ። ስለዚ፣ ኣቦታት ንኣውዳትን ኣዋልድን ደቆም፣ ቅንዕና፣ ትሕትናን ሓላፍነትን ብግብሪ እናኣርኣዩ ኣብ ሂወቶም ዝጠቕሞም ክምህርዎም ኣለዎም።
- **ተሰማዒ ኩኑ 'ቈልዓ ብንእሱ ቀርበት ብርሑሱ' ከምዝበሃል፦** ኣቦታት ደቆም ገና ብንእስነቶም ከለዉ ብዙሕ ኣገደስቲ ኣርእስትታት እናልዓሉ ምስኦም ምብህሃል ክጅምሩ ኣለዎም። እዚ፣ እቶም ቈልዑ እናዓበዩ ኣብ ዝኸዱሉ ግዜ፣ ኣቦታት ኑዮም ኣጸገምቲ ነገራት ንምእላዮምን ንምቍጽጻሮምን ይሕግዞም። ስለዚ ኣቦታት፣ ደቆም ብንእስነቶም ከለዉ ምብህሃል ክለምድዎም ይግባእ። ግዜ ወሲዶም ድማ ንናይ ደቆም ሓሳባትን ጸገማትን ክሰምዑ ሓላፍነቶም እዩ።
- **መምህር ኩኑ** ንደቆም ብዙሕ ጸቡቓን ሕማቓን ዝምህሩ ኣቦታት፣ ከምኡ'ውን ደቆም ዓቕሞም ክዝብሩ ዘተባብዕዎም ኣቦታት፣ ንደቆም ኣብ ሂወት እቲ ዝበለጸ ምርጫ ንኽገብሩ የኽእልዎም ከምዝለዉ ክፈልጡ ጸቢቕ'ዩ። ስለዚ፣ ኣቦታት መዓልታዊ ንደቆም ጸቡቕ ኣብነታት ሂወት እናኣልዓሉ ክምህርዎም ኣለዎም።
- **ምስ ደቅኻ ሓቢርካ ተመገቡ፦** ምስ ደቅኻ ሓቢርካ ምምጋብ ኣገዳሲ ክፋል ጥዑይ ስድራቤታዊ ሂወት ከም ዝኾነ ኣይክሓድን። እዚ ከኣ ንቘልዑ ብዙሕ እንታይ ይገብሩ ኣለዉን እንታይ ክገብሩ ይደልዩን ንኽዛረቡ ዕድል ይኸፍተሎም። ኣቦ'ውን ንደቁ ክሰምዖን ምስኦም ንኽጥዋሕ ጸቡቕ ኢጋጣሚ ይፈጥረሉ። ስለዚ፣ ነታ ስድራ መዓልታዊ ኣብ ሓንቲ ተጠርኒፉ ንኽትቕጸል፣ ኣቦታት ምስ ደቆም ሓቢሮም ክምገቡ ይግባእ።
- **ንደቅኻ ንባብ መሃሮ፦** ኣብዚ ብኢንተርነትን ቴለቪዥንን ተዓብሊላ ዘላ ዓለም ኣቦታት ንደቆም ፍቕሪ ንባብ ክምህርዎምን ከንበቡሎምን ኣገዳሲ ጸቡቕ'ዩ። እዚ ከኣ ምስኦም ዘለዎም ዝምድናን ርክብን ንኽድልድል ይሕግዝ። ስለዚ፣ ኣቦታት ደቆም ገና ናኣሾቱ እንከለዉ ከንበቡሎም ክጅምሩ ኣለዎም። ምስ ኀበዙ ድማ ባዕሎም ንኸንብቡ ክተባብዕዎም ይኽእሉ። ንደቅኻ ፍቕሪ ንባብ ከምዝህልዎም ምግባር፣ ሓደ ካብቲ ኣብ መጻኢ ዕበዮቶም ጸላዊ ባህርያት እተሰርጸሎም ማስርሒ ሂወት ስለዝኾነ፣ ኣቦታት ጸቒጦም ክደፍኡሉ ዘለዎም ሜላ ኣተዓባብያ ምኳኑ ክፈልጡ ይግባእ።
- **ንበዓልቲ ቤትካ ኣኽብር፦** ንሓድሕዶም ዝከባበሩ ወለዲ፣ ሓቢሮም ድማ ንደቆም ኣኽብሮቶም ዝገልጹ እንተ ደኣ ኮይኖም፣ ንደቆም ውሑስ ሃዋህውን ኣከባቢን እዮም ዝፈጥሩሎም። ካብ'ዚ ብምብጋስ ድማ፣ ወለዶም ንሓድሕዶም ክከባበሩ ዝዕዘቡ ቈልዑ፣ ንሳቶም'ውን ብስድራቤቶም ቅቡላትን ክቡራትን ምኳኖም ዝገልጽ ስምዒት ስለዝሓድሮም፣ ኣቦታት ንበዓልቲ ቤቶም ከኽብሩ ይግባእ።

## ምኽሪ ዝምድና ሓዳር ንደቂ-ተባዕትዮ

ደቂ-ተባዕትዮ ብዛዕባ ዝምድና ሓዳርም ተወሳኺ ምኽሪ ከምዝደልዩም ተገንዚቦም፣ ኩሉ ግዜ ምስ መጻምድኦም ዝህልዎም ዝምድና ዘርኽሱሎም ዕድላት እናማዕረሩ ክጉዓዙ ይግባእ። እዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ደቂ-ተባዕትዮ ሰብ ሓዳር ዝተረረ ዝምድና ምእንቲ ክህልዎም ከተግብርዎም ዝኾኑዎም እዮም፦

- **በዓልቲ ቤትካ ኣብ ሂወት እትደልዮ ነገር ምፍላጥ፦** ክኢላታት ማሕበራዊ ዝምድናታት፣ ሰበይቲ ወይ በዓልቲ ቤት ዝበዝሕ ግዜ እንታይ ከምእትደሊ ንበዓል ቤታ ከምዘይትገልጸሉ ይሕብሩ። ብኣንጻሩ'ዚ ግን፣ በዓል ቤታ እንታይ ከሰምዕ'ያ እትደልዮ ክትሓግሮ ትኽእል'ያ ይብሉ። በዓል ቤት፣ ነዚ ባህርያት'ዚ ተገንዚቡ፣ ኣብ ሂወት ንዘለዉ ድሌታት፣ ባህግታትን ርእይቶታትን በዓልቲ ቤቱ እንታይ ምኳናም እናሓተተን እናዘረን ኣዕሚቑ ክኸዕትን ሓቐኛ ድሌት በዓልቲ ቤቱ ክፈልጥን ከምዘለዎ ከኣ ይመኽሩ።
- **ኣብ ግዜኻ ሊጋስ ምኳን፦** በዓል ቤት ምስ በዓልቲ ቤቱ እኹል ግዜ የሕልፍ ከምዘሎ ከረጋግጽ ኣለዎ። ግዜኦም ብሓንሳብ ኣብ ዘሕልፉሉ እዋን ድማ ልዕሊ ኩሉ ፍቕሪን ርህራህን ብዘመልኦ ኣገባብ ክበሃሃሉ ይግባእ። ጸቡቕ መድረኽ ምብህሃል ምህናጽ ቀዋሚ ግዴታ ደቂ-ተባዕትዮ እውን እዩ።
- **ርእሱምትእምማን ምህላው፦** - ደቀንስትዮ ተኣማማኒ ሰብኣይ እየን ዘድንቓ። ስለዚ፣ በዓል ቤት ኣብ ቅድሚ በዓልቲ ቤቱ ተኣማማኒ ሂወት ይሃልዎ። እዚ ማለት ግን ዓቕሚ ዝሓለፈ - ናብ ትዕቢት ዘብጽሕ ርእሰ-ተኣማማንነት ክህልዎ ኣለዎ ንምባል ኣይኮነን።
- **ናእሽቱ ነገራት ሸለል ዘይምባል፦** በዓል ቤት ኣብ ልዕሊ መጻምድቱ ዋላ ኣብ'ቶም ናእሽቱ ነገራት ይኹን ሸለልትነት ከርኢ ኣይግባእን። ንኣብነት፣ ንሳ ኣብ እትጸገመሉ ደዩ ግዜ ኣብ ዝሓጽራ እዋን ቁርሲ ኣብ ምቕራብ ይኹን ንሳ ክዕመሙ እትደልዮም ፈኪስቲ ነገራት ኣብ ምስራሕ ምሕጋዝ። እዚ ኣኽብሮትኻን ርህራሀኻን እንተርእየሉ ዝዓበየ ዕድል ስለዝኾነ ሸለል ክበሃል የብሉን።
- **ርእሰኻ ምጽላይ፦** ደቀንስትዮ ልዕሊ ደቂ-ተባዕትዮ ጽሬት ዘዘውትራ ምኳነን ኣየካትዕን። ስለዚ ድማየን ስድራቤተን ገዛእንን ገዛ ርእሰንን ኣብ ምጽራይን ምጽብባቕን ልዕሊ ደቂ-ተባዕትዮ ኀሊሐን ዝርኣያ። ሓዳር ምስ ገበረ'ውን በዓል ቤተን ፕሮቶኮሉ ዝሓለወ ወይ ግቡእ ጽሬት ክዓውንቱን ኣካላቱን ዝኮታተል ክኸውን ይብህጋ። ስለዚ፣ ደቂ-ተባዕትዮ ቅድሚ ሓዳር ምግባርም ጥራይ ዘይኮነ ሓዳር ምስ ገበሩ'ውን እንተኾነ እቲ ጽሬት ገዛእ ርእሰኻ ናይ ምሕላው ባህሪ ክቕጽልዎ ኣለዎም። ከምኡ'ውን ብፍላይ ኣብ ቀዳማ ሰዓት፣ ዋላ ኣብ ገዛ ይሃሉ ወ፣ እርግ ዝበለ ወይ ርስሕ ዝበለ ፒጃማ ወይ ክዳን ለቢሶም ምውዓል ከወግዱ ይደልዩ። ብኣንጻሩ ድማ፣ ጽሩይ ክዳን ምኽዳን፣ ነብሰኻ ምሕጻብን ጭሕምኻ ምልጻይን ገለ ካብቶም ኣብ ዝተናውሐ ግዜ ንበዓልቲ ቤት ባህታ ዝፈጥሩላ'የም - ይዘውተሩ።
- **ኣኽብሮት ምርኣይ፦** በዓል ቤት ንበዓልቲ ቤቱ ከምዘየገድሶ ከምእትፈልጥ ክገብራ ኣለዎ። እዚ ማለት፣ በዓልቲ ቤቱ ልዕሊ ዝኾነ ነገር ኣብ ሂወቱ ከምእትሰርዖን ከም ሻሙ ከምዘየርእያን ብግብሪ ክርእያ ሓላፍነቱ እዩ።
- **ዘወር ኣዒንቲ ዘይምህላው፦** ኣብ ሓዳር እታ ቀንዲ ብዓለንስተይቲ እትጸላእ፣ በዓል ቤት ኣብ ካልኦት ደቀንስትዮ ዓይኑ ምስ ዘዘውር (ዘውድቕ) እዩ። እዚ ባህሪ'ዚ ድማ ወዓሉ ሓደሩ ጠንቂ ምፍራስ ሓዳር ክኸውን ግድን'ዩ። ከምኡ'ውን ዝኾኑት ጓለንስተይቲ በዓል ቤታ ልዕሊኣ ንኻልኦት ደቀንስትዮ ከኽብርን ከድንቖን ኣይትፈትዎን'ያ። ስለዚ በዓል ቤት ነዚ ተረዲኡ፣ ንኻልኦት ደቀንስትዮ ብዓይኒ ፍቕሪ ክጥምት ወይ ተፍሻሚ ባህሪ ከርኢ ፍጹም ኣይግባእን - ብፍላይ ኣብ ቅድሚ በዓልቲ ቤቱ።
- **ሕገስቲ ገይርካ ምሓዝን ምስሓቕን** - ስሓቕ ኣብ ግዜ ጸቕጢ እቲ ዝበለጸ መድሃኒት ኣእምሮ ምኳኑ ክኢላታት ስነ-ልቦና ዝገልጽዎ ሓቂ'ዩ። በዓል ቤት ድማ ነዚ ተገንዚቡ፣ ንበዓልቲ ቤቱ ዘሐጉሰን ዘስሕቕን ነገራት ክገብር ግቡኡ እዩ።
- **ምስ ስድራቤታን ኣዕሩኽታን ርክብ ምግባር፦** በዓል ቤት ምስ ስድራቤት ወይ ቤተሰብ በዓልቲ ቤቱ ጸቡቕ ርክብ ምስ ዝህልዎ ምስ በዓልቲ ቤቱ ዓሚቝ ዝኾነ ዝምድና ከሕልፍ ግድን እዩ። ከምኡ'ውን ምስ ዓርኪል መሓዙትን ፈለጥትን በዓልቲ ቤቱ ጸቡቕ ሰላምታን ርክብን ከምዝህልዎ ክገብር ኣለዎ። እዚ ንበዓልቲ ቤት ምስ በዓል ቤታ ሩፍታ ዘለዎ ዝምድና ሐዛ ክትገዓዝ የኽእላ።
- **ተመናዊ ነገራትካ ምውጋድ፦** በዓል ቤት ሓዲሩ ተመናዊን ልሙድ ወይ ለውጢ ዘይብሉን (ፈዛዝ) ካብ ምኳን ምድሓን ሓላፍነቱ'ዩ። ኩሉ ግዜ ኣብ ሓዳሩ ተምሳጥ ዝፈጥሩ ሓደስቲ ነገራት ከምዝህልዉ ክገብር ኣለዎ።
- **ወቐሳ ምውጋድ፦** ደቀንስትዮ ንዝኾነ ውልቃዊ ወቐሳ ተቐባሉቲ ምኳነን እዩ ዝግለጽ። ስለዚ፣ በዓል ቤት ንበዓልቲ ቤቱ ካብ ወቐሳ ከሎ ክጥንቀቕ ኣለዎ፣ ብዘለፋን ምፍርራሕን ዘይኮነስ ብፍቕርን ብትሕትናን ክኸውን ይግባእ።
- **ወርሓዊ ዘጋጥሙ ግርጭት ምውጋድ፦** ኣብ መንነ ሰብ ሓዳር ኣብ ኣፍሲ-ወከፍ መወዳእታ ናይ ሓደ ወርሒ ዝልዓሉ ግርጭት ዘቖስቁሱ ስምዒታት ኣለዉ። ንኣብነት፣ ኣብ እዋን ምኽፋል ክራይ ገዛ በል ናይ ኤለክትሪክን ቴለፎንን ማይን፣ ካልእን ሰብኣይን ሰበይትን ናይ ዘይምርድዳእ ስምዒት ዘለዎ ቀያቕ ክዘውትሩ ይሰምዑ'የም። ስለዚ፣ በዓል ቤት ነዚ ንዝምድናኦም በዘፍሩብ ኣብ ሓደጋ ከውድቑ ዝኽእሉ ወርሓዊ ተርእዮታት ኣብ ምውጋድ ኣቓዲሙ ኣቼሑ ክቃለሶም ይግባእ።



### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | መደብ ስሩጥቡብ |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ምኽሪ ሞያውያን |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:45 | ለስ ስፖርት |
| 15:30 | ዳህሳስ ሕትመት |
| 16:15 | ሰሙናዊ ስፖርት |
| 17:00 | ዜና ትግርኛ |
| 17:15 | ደርፌ |
| 17:30 | ዜና ዓረብ |
| 17:45 | ዶክተራት ኣብ ስቱድዮ |
| 18:30 | ዶክመንታሪ |
| 19:25 | ሃሎ ቆልዑ |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:15 | ሽዕቡ |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | እንዳ ዝማም |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:10 | ሌላ |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ወ/ሮ ኤደን ተኽሉ፡ ሓፍተይ ወይኒሓረግ ተኽለ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ ሓፍተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ምሕረት ኪዳኑ ተጸዋዕቲ ወ/ሮ ቅሳት በረኸት ንናይ ሞግዚት ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን16/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምኻኑ ክፈልጢ፡፡

ወ/ሮ ፍረወይኒ ሃብተሚካኤል ሰረቐ፡ በዓል ቤተይ ሰመረ ተስፋይ ተወልደመድህን ስለዝተሰወኣ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ትብለጽ ነጋሽ ኣውዓሎም፡ ኣዴና ወ/ሮ ህይወት ዘወልዲ ወልደገርግሽ ስለዝዓረፈት፡ ንሕና 6 ደቃ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ናትናኤል ዑቕባይ ኪዳኑ ስም ኣደይ ደሃብ ተስፋጽዮን ምባል ተሪፉ፡ ደሃብ ኪዳነ ተስፋጽዮን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.43 ይቕረብ፡፡

ናዝሬት ከሰተ ጉብረእየሰሱ፡ ተጸዋዒ ዮሚ ኪዳነ ንናይ ሞግዚት ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን16/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምኻኑ ክፈልጥ፡፡

ኣቶ መኮንን ተሰፋሰላሴ ናይዝጊ፡ ኣደይ ኣምለሰት ተኽለሰንበት ወልዱ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞ/ደ/ መንደፈራ

ደብረጽዮን ጉብረማስቀል ኣካለ ምባል ተሪፉ፡ ደብሩ ጉብረማስቀል ኣካለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ከሰተ ኣፈወርቂ፡ ስም ት/ዕድመ ጓለይ ሮዳስ ከሰተ ኣፈወርቂ ምባል ተሪፉ፡ ፍትሓዊት ከሰተ ኣፈወርቂ ተባሂሉ ይተኣረመለላ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞ/ደ/ዓዲ ኳላ

ኣስካሉ ክንፈ ምባል ተሪፉ፡ ርግኣት ክንፈ ጉብረሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ኣቶ የዕበዮ ዑቕባይ ጉብረመድህን፡ ወለደና ዑቕባይ ጉብረመድህን ሓጎስ ስለዝዓረፋ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞ/ደ/ ደቀምሓረ

ለድያ ሃደለ ዑቕባዝጊ ምባል ተሪፉ፡ ለድያ ሃይለስላሴ ዑቕባዝጊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሰምሃር ፍስሃየ፡ ኣደይ ኣኸበረት ኣርኣያ ስለዝተሰወኣት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኢትየጲያ ረዳ ዑቕባገርግሹ፡ በዓል ቤተይ ኣርኣያ ተላ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡1ጓሉ ድማ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወራሲት ምኻና ይረጋገጸላ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ት/ዕድመ ኄረኣብ ርእሶም ምባል ተሪፉ፡ ፋኒኤል ራእሲ ደባስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰገነይቲ

ወ/ሮ ገኑት ክፍለ ተስፋ፡ በዓል ቤተይ መም/ ካሕሳይ ኣስፍሃ መድሓኒ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞ/ደ/ ሰንዓፈ

ዓብዱ እስማዒል መሓመድ፡ ሓወይ ኣሕመዲን እስማዒል መሓመድ፡ ደሃይ ካብ ዘጥፍእ ልዕሊ 7 ዓመት ስለዝገበረ፣ ጥፉእ ተባሂሉ ይተኣወጀለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን30/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ መሓመድ ዓሊ ዑስማን፡ ስም ኣቦሓጎይ መሓመኑር መሓመድ ምባል ተሪፉ፡ ኑር መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ናጂ መሓመድ ሳልሕ ምባል ተሪፉ፡ ናጂ ዑስማን ዑመር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዒላ በርዕድ

ወ/ሮ ድንሳ ግርማይ፡ ወለድና ግርማይ ጋበር ሳዕሮይን ሓዱሽ ንጉሰ ማናን ስለዝዓረፉ፡ ንሕና 11 ደቆም ኣብ ሓሊብ መንተል ዝርከብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ቀዋሚ ንብረት ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ሓበሬታ



ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ./ኤይድስ ንምፍላጥ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴለፎን ደውሉ፡፡

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ ካብ 8፡00 – 12፡00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2፡00 – 6፡00 ድ.ቀትሪ ብቁ.ስልኪ 110179 ደውሉ፡፡

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537፣ E-mail; bidhonational@gmail.com

ስቅታ ጎዳኢ ስለዝኾነ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ ብግልጺ ንዘራረብ!!!

ቤ/ት ኣልያንስ ፍራንሰዝ ስሩዕ ናይ ሓጋይ ትምህርቲ ቋንቋ ፈረንሳ ንንኣሽቱን ንዓበይትን፡ ካብ ጀመርቲ ክሳብ ዝለዓለ ደረጃ፡ ካብ ዕለት 8 ሚያዝያ ክጅምር ምዃኑ ከበስር ይፈቱ፡፡ ምቅርራብ ንዓለምለኻዊ ዲፕሎማ (DELF) ተዳልዩልኩም ኣሎ፡፡ ምዝገባ ተጀሚሩ እዩ፡፡

ብደሓን ምጹ ንዝያዳ ሓበሬታ ቁ.ስ 122605 / 115270

ኣድራሻና፣ ጎድኒ ቤ/ት ማይ ተሰፋ፡ ጥቓ ዓሮባና ሬስቶራንት እዩ፡፡

## VACANCY ANNOUNCEMENT

The Audit Services Corporation (ASC) wants to employ interested competent candidate for the following post:-

1. **Accountant:**

Educational Background--------------------------- Diploma or above in accounting,

Experience and skills-------------------------- 3 to 4years' experience as an accountant, preferably with reasonable knowledge in Peach Tree Programme.

Age-------------------------------------------------- 30 to 45 years,

Required Number---------------------------------- 1 (one),

Duties and Responsibilities--------------------- Performs accounting duties, such as posting of accounting entries to peach tree programme, preparation of financial statements and others duties instructed by the GeneralManager,

4. Salary--------------------------------------------- As per the scale of the Audit Services Corporation,

5. Place of work---------------------------------- Asmara

6. Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defence.

Interested candidatesare requested to send their letters of applications, current CVs, work experience credentials and other relevantdocuments. All applicants should send their applications through Post Office or hand over to the GM/ Head of Finance and Administration/secretary.

Short list will be contacted for interview. Therefore, telephone addresses should be clearly included in their applications.

Closing Date----------------------------------------- 5 days from the date of this announcement,

Address ------------------------------------ Audit Services Corporation

P.O.Box 912

Asmara, Eritrea.

Office Location---------------------------------- Nyala Hotel Building 2nd Floor, Above the Commercial Bank of Eritrea, Martyr Branch, Office No. 78/04.

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ቀይሕ ባሕሪ መሪሕነት ሒዛ

### "ብዘጥፋእናዮ ነጥቢ ኣይንሰናበድን ኢና" ኣሰልጣኒ ደንደን

ግጥማት ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ' ዞባ ማእከል፡ ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ዝቐጸለሉ፡ ደንደን ነጥቢ ብምምቓላ መሪሕነታ ነታ ኣብ ተመሳሳሊ ዕለት ዝተዓወተት ቀይሕ ባሕሪ ኣረኪባ።

ኣብዚ ናይ ሻዱሻይ ሰሙን ግጥማት፡ ፈለማ ቀይሕ ባሕሪ ምስ ኩባንያ ሰገን ገጢማ። ብደንደን ብጹብለልታ ሸቶ ተበሊጻ ካልኣይቲ ኮይና ናብዚ ግጥም ዝኣተወት ቀይሕ ባሕሪ፡ ድሕሪ ዕረፍቲ ክልተ ሸቶታት ብመገዲ እቲ ብሉጽ ተጻዋታይ ዝተጻወዐ ቤንሆር ኣማኑኤል ብምቁጻራ 2-0 ተዓዊታ።

ድሕሪ'ዚ፡ ዓወት ናይ ቀይሕ ባሕሪ ዝተዓዘበት ሻምፕዮን ክለባት ኤርትራ 2024 ዝኾነት ደንደን፡ ምስ'ታ ካብኣ ብሓደ ነጥቢ ድሒራ ዝበረት ኣስመራ በራ እያ ገጢማ። ኣብዚ ግጥም፡ ዝሓለፈ ወቕቲ ብዘፈጸሞ ዘይስፖርታዊ ተግባር ንሓደ ዓመት ዝተቐጽዐ ሓላዊ ልዳት ደንደን ክብሮም ሰለሙን፡ ጋንታኡ ናብ ፌደረሽን ዞባ ማእከል ዘቕረበቶ ናይ ምሕረት ሕቶ ተቐባልነት ብምርካቡ፡ ንፈለማ ግዜ ክሰለፍ ክኢሉ። እዚ ሓላዊ ማዕጾ፡ ኣብ ሻምፕዮን ክለባት ኤርትራ ደይሰለፍ ምንባሩ'ውን ይዝከር።

እዚ ቀድሚ ዕረፍቲ ሸቶ ዘይተመዝገቦ ግጥም፡ መሪሕነት ደንደን ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ብምንባሩ፡ ድሕሪ ዕረፍቲ እዛ ጋንታ ብተደጋጋሚ ልዳት መጋጥምታ ክትተኮሓኩሓ ተራእያ፣ ክሰልጣ ግና ኣይከኣለን። ኣብ መስመር ምክፍፋል ዝሓሸ ዓቕሚ ዘርኣየት በራ ብወገና፡ ሓደገኛ ፈተነ ኣካይዳ እያ። ብኽልቲኡ ወገን ዝተመዝገበ ሸቶ ብዘይምንባሩ ግና፡ ሓሓንቲ ነጥቢ ወሲደን ተፈላልየን። ብሉጽ ተጻዋታይ ክኾነ ተጻዋታይ ኣስመራ በራ ሙኽታር ኣሕመድ ተጻዊዑ።

ድሕሪ'ዚ ግጥም ኣሰልጣኒ ኣስመራ በራ ሚካኤል ሃብቱ ኣብ ዝሃቦ ቃል፡ "ክልቴና ንተዓዚቢ ዝመስጠ ጸቡቕ ጸወታ ኣርኢና ኢና። ኣብ መጀመርያ ከምኡ'ውን ድሕሪ ዕረፍቲ መሪሕነት ክንሕዝ ዝኽእል ዕድል ግና ኣይተጠቐምናሉን። ደንደን ዓባይ ጋንታ እያ። ሃገራዊት ጋንታ እውን ክትጥበላ ትኽእል። ንዓኣ ቡዲኑ ማዕረ ብምውጻእና ጸቡቕ እዩ" ኢሉ። ዓላሚ ደንደን ሳምሶም ሃብተማርያም ብወገኑ፡ "ናትና መጥቃዕቲ ደብዚሕ ነይሩ። ክሰልጠና ግን ኣይከኣለን። ይኹን'ምበር፡ ነጥቢ ብምጥፋእና ከኣ ኣይንሰናበድን ኢና። ውድድር ጌና እዩ ዘሎ፣ ነዚ ኣጥፊእናዮ ዘለና ነጥቢ ክንትክኦ ኢና" ኢሉ።

በዚ ውጽኢት፡ ቀይሕ ባሕሪ ብ16 ነጥቢን ትሸዓተ ጸብለልታ ሸቶን ናብ መሪሕነት ደይባ ኣላ። ደንደን 14፡ ማይ ተመናይ 13፡ ኣስመራ በራ ተመሳሳሊ 13፡ ኣልታሕረር 13 ክሳብ ሓሙሻይ ተርታ ተሰሪዐን ኣለዋ። ጉዳይፍን ኩባንያ ሰገንን ሸሽድሸተ ነጥቢ፡ ኩባንያ ሰምባልን ኣዱሊስን ሰለስተ፡ ገዛ ጥንዳ ከኣ ብዜሮ ነጥቢ ክሳብ ዓሰራይ ተገዲመን ኣለዋ።

እዚ ውድድር፡ ድሕሪ ጽባሕ - ሓሙስ ብጎጥም ገዛ ጥንዳ ምስ ኣዱሊስ፡ ማይ ተመናይ ምስ ኩባንያ ሰምባል፡ ኣስመራ በራ ምስ ኩባንያ ሰገን ክቕጽል እዩ።

## ዞባ ማእከል - ውድድር 'ክራይተርዩም' ተኻዪዱ

ሰንበት 31 መጋቢት፡ ንተዓዘብቲ ዝሰሓበ ውድድር 'ክራይተርዩም' ቅድድም ብሽክለታ፡ ኣብ ከባቢ ሲነማ ሮማ ተኻዪዱ።

እዚ ዝዋደዶ ዋንጫ ዞባ ማእከል ከም መዳለዊ ዝተሰርዐ ውድድር፡ ኣብ ሓጺር ዘርያታት ተደጋጋሚ ቅጽበታዊ ውድድር ዝቐደሉ ብምኳኑ እዩ ሰሓቢ ዝዝበር። ኣብዛ ሓንቲ ዙርያ 2.3 ከሎሜተር ዝነውሓታ ናይ ብቐድሚ ትማሊ ውድድር'ውን ሰለስተ ኣብ መንነ ጸወታ ዝተሰርዓ ቅጽበታዊ ውድድር (ኢንተርሚደይት) ነይረን። ብወሃሉል ነጥቢ ናይ ሰለስቲአን ናይ 'ኢንተርሚደይት' ቅጽበታዊ ውድድር፡ ምስታ ራብዐይቲን መዛዘሚትን ቅጽበታዊ ውድድር ተደሚሩ ድማ ዕወታት ደሸለሙ።

ኣብተን ሰለስተ ኣብ ማእከል ዝለዋ ቅጽበታዊ ውድድር፡ ንቐዳማይ - ሓሙሽተ ነጥቢ፡ ንኻልኣይ - ሰለስተ፡ ንሳልሳይ - ክልተ፡ ንራብዓይ ከኣ - ሓንቲ ነጥቢ ይወሃብ ነይሩ። ኣብታ መዛዘሚ ግን፡ ዓሰርተ፡ ሽዱሽተ፡ ኣርባዕተን ክልተን ነጥቢ ቀዳሞት ኣርባዕተ ይሓፍሱ ነይሮም።

በዚ መሰረት፡ ዝዝፈላለየ ደረጃ ዕድመ ዘለወን ክሳተፋ ኣብ ሓደ ምድብ ሚለት ናይ ዓበይቲ ዝወዳደራ ዘለዋ ደቂ ኣንስትዮ ተቐዳደምቲ፡ 59.8 ከሎሜተር ሸፊነን። ኣብ ቀዳመይቲ 'ኢንተርሚደይ'ት ሮምና ገብሸ - ደንደን፡ ንርዚና ብርሃ - ዓራግ፡ ሰደን ሃብቶም - ሰራይር ሳዋ፡ ሱዛና ፈሰሃዬ - ደንደን ኣኸቲላ ቀዳመይቲ ኣትያ።

ኣብ ካልኣይቲ ግና፡ ርዚና ንርምና በሊጻ ሓሙሽተ ነጥቢ ከሰባ፡ ፈቨን ሃይለ - ሰራይር ሳዋ፡ ቤትኤል እስጢፋኖስ - ጋሻፍሒ ከኣ ክልተን ሓደን ነጥቢ ወሲደን። ኣብ ሳልሰይቲ ድማ፡ ደጊማ ርምና ንርዚና፡ ፈቨንን ሰደንን ቀዲማ ብምእታው ነጥባ ናብ 13 ክብ ኣቢላ። ኣብ መዛዘሚ ኣብ ዝተገበረ ቅጽበታዊ ውድድር ግና፡ ርዚና፡ ቀዳመይቲ ብምእታው 10 ነጥቢ ከሲባ። ርምና፡ ፈቨንን ራሄል ዘርእሰናይን ከኣ፡ እግሪ እግራ ኣትየን ሽዱሽተ፡ ኣርባዕተን ክልተን ነጥቢ ወሲደን።

በዚ መሰረት፡ ነዛ ገለ ተቐዳደምቲ ብዘጋጠመን መውደቕቲ ካብ ጸወታ ዝወጻላ ውድድር፡ ርዚና እያ፡ ብወሃሉል 21 ነጥቢ ተዓዊታትላ። ሮምና 19፡ ፈቨን ከኣ ብትሸዓተ ነጥቢ መድረኽ ደይበን። ሰደን - ሰለስተ፡ ራሄል - ክልተ፡ ሱዛናን ቤትኤልን ድማ ሓሓንቲ ነጥቢ ሒዘን ክሳብ ሻውዓይ ተሰሪዐን። እዘን ተቐዳደምቲ፡ ብሰምጋም ኣብ ሰዓት 36.20 ከሎሜተር እናተጓዕዛ እየን - ብ1 ሰዓት፡ 38 ደቒቕን 34 ካልኢትን ዝተሰርዐለን ርሕቀት ወዲኣናኦ።

ዓበይቲ ደቂ ተባዕትዮ፡ ኣብ 35 ዙርያታት - 80.5 ከሎሜተር ዝርሕቀቱ ውድድር ኣካይዶም። ኣብዚ ብዝቐዳደምዎ ኣሰቡኦ ዝተዓበለሉት መዳልቲ ንሰለስቲኦን ናይ ኢንተርሚደይት ቅጽበታዊ ውድድር ኣባል እዛ ጋንታ ዳጆም ፍጹምብርሃን ተዓዊቱለን፣ 15 ነጥቢ ድማ ከሰቡለን።

ሚልኪያስ ማእከለ - ኣሰቡኦ ናእድ ብርሃ - ደንደን፡ ተስፎም ዑቕባማርያም ብወልቂ - ኣቤታ ቀዳመይቲ፣ ኣለክሰንደር ኣሳቕ - ኣሰቡኦ ናእድ - ደንደን፡ ዳኒኤል ይሕደጎ - ኤሪቴል - ኣቤታ ካልኣይቲ፣ ሚልኪያስ፡ ሚሮን ተኽሎ - ብወልቂ ከምኡ'ውን ናእድ ኣቤታ ሳልሰይቲ - ክሳብ ራብዓይ ብምእታው ነጥቢ ረኺቦም።

ዝለዓለ ነጥቢ ንእተኸሰበ መዛዘሚት ቅጽበታዊ ውድድር ድማ፡ ኣለክሰንደር ኣሳቕ - ኣሰቡኦ ንመወዳደርቱ ብሹኢ ረቲዑ - ብ1 ሰዓት 46 ደቒቕን 38 ካልኢትን ተዓዊቱላ ነይሩ። ይኹን'ምበር፡ ኣብ እዋን ቅጽበታዊ ውድድር ንናእድ ዒጊቹዎ ተባሂሉ ዓወቱ ተሰሪዙ። በዚ ከኣ ኣባል ደንደን - ናእድ፡ ቀዳማይ ዝተሰርዐ ክኸውን እንከሎ፡ ዳጆም፡ ዳኒኤል - ኤሪቴል፡ ናትናኤል የናስ - ደቡብ ተኸቲሎሞ።

ብወሃሉል ነጥቢ ግና፡ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ባሕቲ ማትከረም ንዝተኻየደ ውድድር ተዓዊቱሉ ዝበረ ዳጆም፡ ኣብተን ቀዳሞት ሰለስተ ኢንተርሚደይት ከሰቦ ብምጽናሑ፡ ብ21 ነጥቢ ደጊሙ ጸብለል ኢሉ። ናእድን ሚልኪያስን፡ ብተኸታታሊ 15ን ሸዱሽተን ነጥቢ ብምእካብ፡ ብሩርን ኑሓስን መዳልያ ኣንጠልጢሎም። ዳንኤል ካብ ቴስ - ሓሙሽተ ነጥቢ፡ ኣለክሰንደር - ሰለስተ፡ ናትናኤል - ክልተ፡ ሚሮን - ክልተ፡ ተስፎም - ሓንቲ ክሳብ ሻሙናይ ደረጃ ሒዞም።

ብዘይካ'ዚ፡ ንኣሽቱ (ጁንየር) ተቐዳደምቲ 59.8 ከሎሜተር ሸፊኖም። ኣብ ክልተ ኢንተርሚደይትን ኣብ መዛዘሚን ቀዳማይ ዝኣተወ የሰፍ ኣለም - ኣሰቡኦ ድማ፡ ብዝኣከቦ 22 ነጥቢ ተዓዊቱ። ወዲ ጋንታኡ ኬቨን ተኽለማርያም 14 ነጥቢ፡ ተቐዳዳማይ ቴለ ናህም ኤፍሬም 10 ነጥቢ ካልኣይን ሳልሳይን ተሰሪዖም።




## ሻምፕዮን ኩዕሶ እግሪ ደቂ-ኣንስትዮ ፈሊሙ

### ፍዮናን ኢልሃምን ደሚቐን

ሻምፕዮን ኩዕሶ እግሪ ደቂኣንስትዮ ዞባ ማእከል፡ ቀዳም ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ ብሰለስተ ግጥማት ውድድሩ ፈሊሙ።

እዚ ሽውዓተ ጋንታታት ሒዙ ዝጀመረ ዘሎ ውድድር፡ ብጎጥም ጉዳይፍን ሰምባልን እዩ ፈሊሙ። ሰምባል ድማ ነዚ ጸወታ ናብ ረብሓኣ ንምቕያር ኣይተጸገመትን። ሓንቲ ካብ የርጋሌም ብጅምላት፡ ክልተ ሸቶታት ከኣ ካብታ ብልጽቲ ተጻዋቲት ዝተጸውዐት ሪም ፍጹም ኣመዝጊባ 3-0 ተዓዊታ።

ሰዓት 2፡00 ድ.ቀ ኩባንያ ሰገንን ንኡስ ዞባ በሪኽን ተጋጢመን። ሓንቲ ካብ ተወዳደርቲ ጋንታታት እዚ ውድድር ዝኾነት ኩባንያ ሰምባል፡ ነዚ ግጥም ብቐሊሉ እያ ተዓዊታትሉ። ካብ ፍዮና ገርግስ ኣርባዕተ ሸቶታት፡ ካብ ዘቢብ ሃይለስላሴን ቤተልሄም ዘኪያሰን ከኣ ሓሓንቲ ብምቑጻር ብጸሒ 6-0 ተዓዊታ። ሱፐር ሃትሪክ ዝሰርሐት ፍዮና ድማ፡ ብልጽቲ ተጻዋቲት ናይ'ዚ ግጥም ተጸዊዓ።



ግጥም ደንደንን ፒፎሪትን እውን ኣካል እታ ዕለት እዩ ነይሩ። ካብ መጋጥምታ ፒፎሪት ኣርባዕተ ተጻወትቲ ዝወሰደትን ብምትራትን ብሉጻትን ተጻወትቲ ዝተሃንጸትን ደንደን፡ ነዛ ዝጠዓሳ ንእሽቱ ተጻወትቲ ዝሓዘት ጋንታ ብቐሊሉ ሸቶ ክተመዝግበላ ኣይከኣለትን። ናይ ቀዳማይ እብረ ጸወታ ኣኽሊሉ እናተባህለ ግና፡ ኣብ መበል 45 ደቒቕ ካብ ኣጥቃዒታ ኢልሃም ዓብደልቃድር መሪሕነት ዘትሓዘት ሸቶ ኣመዝጊባ።

ካልኣይ እብረ ኣርባዕተ ደቓይቕ ጥራይ ምስ ተጻወቱ'ውን ደንደን ካብ ደሊና ሳህለ መሪሕነታ ዘዕሪፈት ሸቶ ኣቖጺራ። ፒፎሪት ብወገና፡ ኣብ መበል 61 ደቒቕ ግብረመልሲ ብምሃብ ካብ የርጋቤል ክፍለም ትንፋስ ዝዘበታ ሸቶ ኣመዝጊባ ነይራ። ይኹን'ምበር፡ ኢልሃም ዓብደልቃድር ሃትሪክ ዘስረሐኣ ሸቶታት ኣብ መበል 68ን 90ን ደቓይቕ ብምቑጻራ፡ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ሻምፕዮን ዝበረት ደንደን 4-01 ተዓዊታ። ተኸላኸልቲ ፒፎሪት ሰሊና ዳኒኤል ከኣ ናይዚ ግጥም ብልጽቲ ተጻዋቲት ከምእተባህለት፡ ህዝባዊ ርክባት ናይ'ቲ ፌደረሽን ሓቢሩ።

## መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

ሻምፕዮን ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ ዞባ

**ማእከል**

ጉዳይፍ - ኢንሹራንስ 2፡00 ድ.ቀ

ደንደን - ኩባንያ ሰገን 4፡00 ድ.ቀ

**

**ፕሪመር ሊግ**

ኒውካስል - ኤቨርተን 9፡30 ምሸት

ኖቲንግሃም - ፉልሃም 9፡30 ምሸት

ቦርንማውዝ - ክሪስታል ፓላስ 9፡45

**ምሸት**

በርንሊ - ዎልቭስ 9፡45 ምሸት

ዌስትሃም - ቶተንሃም 10፡15 ምሸት

## ውጽኢት ቀዳመ ሰንበት ዓበይቲ ሊጋት ኤውሮጳ

**ፕሪመር ሊግ**

ኒውካስል 4 - 3 ዌስትሃም

ቦርንማውዝ 2 - 1 ኤቨርተን

ቸልሲ 2 - 2 በርንሊ

ኖቲንግሃም 1 - 1 ፓላስ

ሸፊልድ 3 - 3 ፉልሃም

ቶተንሃም 2 - 1 ሉቶን

ኣስቶን ቪላ 2 - 0 ዎልቭስ

ብሬንትፎርድ 1 - 1 ማን ዩናይትድ

ሊቨርፑል 2 - 1 ብራይተን

ማን ሲቲ 0 - 0 ኣርሰናል

**

**ላሊጋ**

ባርሰሎና 1 - 0 ላስ ፓልማስ

ጂሮና 3 - 2 ሪያል በቲስ

ሪያል ማድሪድ 2 - 0 ኣትለቲኮ ቢልባኦ

**

**ሰርኣ**

ናፖሊ 0 - 3 ኣታላንታ

ላዝዮ 1 - 0 ጁቬንቱስ

ፊዮረንቲና 1 - 2 ኤሲ ሚላን

**

**ቡንደስሊጋ**

ባየር ሙኒክ 2 - 0 ቦሩስያ ዶርትሙንድ

ባየር ሌቨርኩሰን 2 - 1 ሆፈንሃይም

ሽቱትጋርት 3 - 3 ሄይደንሃይም

**

ሊግ 1 ፈረንሳ

ማርሴ 0 – 2 ፒኤስጂ

## ውዕሎ ሻምፕዮን ጉያ መሮር ዓለም 2024

ሃገራዊት ጋንታ ኣትሌቲክስ ኤርትራ፡ ቀዳም 30 መጋቢት፡ ኣብ ሰርቢያ ከተማ በልግሬድ፡ ኣብ ሻምፕዮን ጉያ መሮር ዓለም ተወዳዲራ።

እዚ ንመበል 45 ግዜኡ ዝተኻየደ ውድድር፡ ብዓወት ኡጋንዳዊ ጃኮብ ኪፕሊሞ እዩ ተዛዚሙ። እዚ ኣትሌት፡ ዝ. ናይ 10 ከሎሜተር ውድድር - ብ28 ደቒቕን 09 ካልኢት እዩ ተዓዊቱሉ። በዚ ከኣ እዚ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ዕወት እዚ ውድድር፡ ምስኡ'ም ኣኪታቲሉም ብምዕዋት ኣብ መዝገብ ክብረወሰን ናይ'ዚ ውድድር ዝሰፈሩ ክልተ ኣትሌታት ክሰርዕ ክኢሉ ኣሎ። ኢትዮጵያዊ ኣትሌት በሪሁ ኣረጋዊን ኬንያዊ በንሶን ኪፕላንጋትን ከኣ ካልኣይን ሳልሳይን ኣትዮም።

ካብ ኤርትራውያን ኣትሌታት ቀዲሙ ዝኣተወ ዓብደልራዛቕ ሱሌማን እዩ። ዓብደልራዛቕ፡ ብ29 ደቒቕ 01 ካልኢትን እዩ መበል 15 ደረጃ ሒዙ። መርሃዊ መብራህቱ መበል 28፡ ዓወት ሃብቱ መበል 32፡ ብርሃ ነጋሲ መበል 38፡ ፊልሞን ክብሮም መበል 59፡ ኦሎምፒካዊ ኣትሌት ኣሮን ክፍለ ከኣ መበል 72 ደረጃ ሒዞም። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ናይ ትሕቲ 20 ዓመት ዝተወዳደረ እያቤል ወልደሩፋኤል መበል 26 ደረጃ ሒዙ ዛዚሙ።

# ዜና ወጻኢ

ሸዊት ተኽለ

## ቻይናን ጃፓንን፡ ብጉዳይ ምጉሓፍ ጸርገኣዊ ማይ ዝርርብ ኣካይደን

ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይናን ጃፓንን ኣብ መመንጨዊ ኑክለሰያዊ ጸዓት ‘ፋኩሺማ’ ብብእዋኑ ዝጉሓፍ ዘሎ ብጸርጊ-ንጡፍ ባእታ ዝተበከለ ማይ ብዝምልከት ዝርርብ ከምዝካየዳ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ጃፓን ገሊጹ።

እቲ ሚኒስትሪ ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ፡ “ብዛዕባ ምጉሓፍ እቲ ዝተበከለ ማይ ናብ ውቅያኖስ ብዝምልከት፡ ኣብ መንጎ ክኢላታት ቻይናን ጃፓንን ኣብ ከተማ ዳልያን - ቻይና ዝርርብ ተኻዪዱ” ክብል ሓቢሩ።

ጃፓን ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ነቲ ዝተበከለ



ማይ ናብ ውቅያኖስ ክትለቕቕ ኣብ እትጀምር ንደሓር፡ ንፈለማ እዋን ከምዚ ዓይነት ዝርርብ ክምእተኻየደ ጸብጻባት የመልክቱ።

ቻይናን ጃፓንን ብጉዳይ ምጉሓፍ እቲ ዝተበከለ ማይ ኣብ ቀጻሊ ክርክር ተጸሚደን ምጽንሐን ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ከም ወጽኢቱ ቻይናን ሩስያን ካብታ ሃገር ዝእቶዋ ዝበራ ፍርያት ባሕሪ ዝኾነ መግቢታት ደው ኣቢለንኦ ምጽንሐን ይዝከር።

ቀዳማይ ሚኒስተር ጃፓን ፉሚዮ ኪሺዳ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ሕዳር ምስ ፕረዚደንት ቻይና ሺ ዢ ፒንግ ኣብ ዝተራኸብሉ እዋን፡ ኣብ ሳይንስ ዝተመርኮሰ ዘተ ብክኢላታት ክካየድ ምፍቃዱ ገሊጹ ምንባሩ ኣይርሳዕን።

## ማሕበር ደቂ-ኣንስትዮ ፊሊፒንስ፡ ኣንጻር ህላወ ኣመሪካ ተቓውሞ ኣካዪዱ

ማሕበር ደቂ-ኣንስትዮ ፊሊፒንስ ነቲ ኣብ ዝመጽእ ወርሒ ክካየድ ተመዲቡ ዘሎ ዓመታዊ ሓባራዊ ወተሃደራዊ ልምምድ ፊሊፒንስን ኣመሪካን ብትሪ ከምዝቃወሞ ሓቢሩ።

ዋና ጸሓፊት ናይ’ቲ ማሕበር፡ ኩሎም ሰራዊት ኣመሪካ ካብ ፊሊፒንስ ክወጹን መንግስቲ ፊሊፒንስ ምስ ኣመሪካ ዝበጽሖ ወተሃደራዊ ስምምዓት ብቕልጡፍ ክሰርዞን ጸውዒት ኣቕሪባ።

እታ ዋና ጸሓፊት ኣብ መግለጺኣ፡ “ኣብ ፊሊፒንስ ዝርከቡ ወተሃደራዊ መዓስከራት ኣመሪካ ንድሕነትን ማሰሳትን ፊሊፒናውያን ብፍላይ ድማ ንደቂ-ኣንስትዮን ህጻናትን ኣሰጋኢቲ እየን” ክትብል ኣጠንቂቓ።

ንሳ ወሲኻ፡ ምውሳኽ ወተሃደራዊ ንጥፈታትን ህላወ ወተሃደራት ናይ ወጻኢ ሃገራትን ጠንቂ ናይቲ ኣብ ፊሊፒንስ ዝርአ ዘሎ ጽታዊ ዓመጽን ከምዝኾነ ገሊጻ።

ኣብቲ ካብ 22 ሚያዝያ ጀሚሩ ክሳብ 8 ግንቦት ዝቕጽል ‘ባሊካታን’ ዝተሰምየ ናይ ለሚ ዓመት ሓባራዊ ወተሃደራዊ ልምምድ፡ ብውሕዱ 11 ሽሕ ወተሃደራት ኣመሪካን 5 ሽሕ ፊሊፒናውያንን ክሳተፉ ትጽቢት ይግበር።

እቲ ወተሃደራዊ ልምምድ፡ ልኡላውነት ፊሊፒንስ ብምጥሓሱ ነታ ሃገር ናብ ዘይተገደበ ምንቅስቓስ ሰራዊት ኣመሪካ ዝቃየደላ ዓባይ ወተሃደራዊት መዓስከር ይልውጣ ምህላዉ እዩ እቲ ማሕበር ዘረድኤ።




## ኣብ እስራኤል፡ ፖለቲካዊ ፍልልያት ዳግም ይቀላቐል

ድሕሪ’ቲ ብ7 ጥቅምቲ 2023 ዕጡቓት ሓማስ ኣብ ልዕሊ እስራኤል ዝፈጸምዎ መጥቃዕቲ ንዝተወሰነ እዋን ንጎድኒ ተሓዲጉ ዝጸንሐ ዓሚቕ ፖለቲካዊ ፍልልይ እስራኤል፡ ኣብዚ እዋን ዳግም ናብ መድረኽ ይምለስ ከምዘሎ ተገሊጹ።



እዚ ዝተገልጸ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ሰልፈኛታት ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ጎደናታት ከተማ ኢየሩሳሌም ኣንጻር መንግስቲ ሰፊሕ ተቓውሞ ድሕሪ ምክያዶም እዩ።

እቶም ቀዳማይ ሚኒስተር በንያሚን ኔታንያሁ ካብ ስልጣኑ ክወርድን ምርጫ ክካየድን ዝጠልቡ ጭርሖታት ዝሓዙ ሰልፈኛታት፡ ኣብ ቅጽሪ ጅሆ ተታሒዞም ዘለዉ ኣስታት 130 እስራኤላውያን ንምፍታሕ ቅልጡፍ ስምምዕ ክግበር ጸዊዖም።

ኣብ መንጎ እስራኤልን ምንቅስቓስ ሓማስን ተፈጢሩ ዘሎ ኩናት፡ ቀዳማይ ሚኒስተር በንያሚን ኔታንያሁ ካብ ስልጣኑ ንምእላይ ተወሳኺ ምኽንያት ኮይኑ ከምዘሎ’ዩ ዝሕበር።

ተቓወምቲ ምርጫ ክካየድ ዝቐረቡዎ ጠለብ ዝጸገ ቀዳማይ ሚኒስተር ኔታንያሁ፡ ኣብ ረፋሕ ንዝወሰድ ወተሃደራዊ ስጉምቲ ከምዝሓይሎ ገሊጹ ኣሎ።

እስራኤላውያን ኣብ ምጥፋእ ምንቅስቓስ ሓማስ ዝኾነ ፍልልያት ከምዘይብሎም ዘመልክቱ ጸብጻባት ቢ.ቢ.ሲ፡ ጅሆ ዝተታሕዙ ሰባት ብምሉኦም ናጻ ዘይምውጽኦም ግን ኣብ ልዕሊ’ቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ተቓውሞታት ኣኸቲሉ ከምዘሎ ይገልጹ።

እዚ ከምዚ’ሉ እንከሎ፡ ፈረንሳ፡ ግብጺን ዮርዳኖስን ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ዘላቒ ምቁራጽ ተኹሲ ክግበር ጸዊዐን።

ሰለስቲአን ሃገራት እዚ ጻውዒት ዘቕረባ ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ግብጺ ኣብ ዘካየዳኦ ናይ ሚኒስተራት ጉዳያት ወጻኢ ኣኼባ እዩ።

እስራኤል ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ብእተካይዶ ዘላ ደብዳብ ዝኸዘሐ ህዝቢ’ቲ ወሽመጥ ንሓደጋ ጥምየት ተቓሊዑ ከምዘሎ ዝገለጹ’ቶም ሚኒስተራት፡ መንግስቲ እስራኤል ረድኤት ክፍቅድ እውን ጸዊዖም ኣለዉ።

ባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ኣብ’ቲ ወሽመጥ ምቁራጽ ተኹሲ ክግበር ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ መዓልታት ዘሕለፎ ውሳኔ ዛጊት ኣብ ባይታ ከምዘይተተግበረ ይፍለጥ።

## ሓዲሽ መንግስቲ ፍልስጤም ቃለ-ማሕላ ፈጺሙ

ብቀዳማይ ሚኒስተር መሓመድ መስጠፋ ዝምራሕ ሓዲሽ መንግስቲ ፍልስጤም፡ ዝሓለፈ ሰንበት ቃለ-ማሕላ ከምዝፈጸመ ተሓቢሩ።

እቲ ሓዲሽ መንግስቲ፡ ብውሕዱ ካብ ወሽመጥ ቓዛ ዝመጽኡ ሽዱሽተ ሚኒስተራት ብዘርከብዎም 23 ሚኒስተራት ዝቖመ እዩ።

ቀዳማይ ሚኒስተር መስጠፋ፡ ኣብቲ ኣብ ቅድሚ ፕረዚደንት ፍልስጤም ማሕሙድ ዓባስ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት ቃል-ማሕሉ፡ እቲ ሓዲሽ መንግስቲ ንኹሎም ፍልስጤማውያን ከምዘገልግል ቃል ኣትዩ።

ፕረዚደንት ዓባስ ድሕሪ’ቲ ስነ-ስርዓት ምስ’ቲ ሓዲሽ መንግስቲ ኣብ ዝገበሮ ርክብ፡ ኣብ ቓዛ ዝካየድ ዘሎ ግጭት ደው ንምባል ምስ ማሕበር ሃገራት ዓረብን ዓለም-ለኻውያን ወድባትን ብምውህሃድ ይሰርሕ ከምዘሎ ኣረጋጊጹ።

ፕረዚደንት ዓባስ ንዊሕ እዋን ኣማኻሪ ቀንበብ ኮይኑ ምስኡ ዝሰርሐ መሓመድ መስጠፋ ሓዲሽ መንግስቲ ክቐውም ብ14 መጋቢት መዚኑ ከምዝዘዞ ኣገልግሎት ዜና ናይ’ታ ሃገር ይሕብር።



## ኣርጀንቲና - መልከፍቲ ሕማም ‘ረስኒ ደንጊ’ ይንህር



ኣብ ኣርጀንቲና፡ ኣብዚ ዓመት’ዚ ዛጊት 163,419 ሰባት ብሕማም ‘ረስኒ ደንጊ’ ከምዝተለኽፉ፡ ሚኒስትሪ ጥዕና ናይ’ታ ሃገር ኣፍሊጡ።

እቲ ሚኒስትሪ ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ፡ ኣብ ማእከላይ ክፋል’ታ ሃገር ዝበዝሐ መልከፍቲ ከምእተመዝገበ ብምሕባር፡ ኣብ ካልኦት ከባቢታት’ውን ተመሳሳሊ ተርእዮ ይኽሰት ከምዘሎ ገሊጹ።

ኣብ ኣርጀንቲና፡ ብገምጋም ካብ 100 ሽሕ ነበርቲ 384 ሰባት በቲ ሕማም ከምዝልከፉ ይግለጽ።

ሚኒስትሪ ጥዕና ከምዝሕብሮ፡ ረስኒ ደንጊ ኣብ ኩሉ ክሊ ዕድመ ንዝርከቡ ሰባት ዘጥቅዕ እኳ እንተኾነ፡ እቲ ዝለዓለ መጠን ሞት ግና ኣብ’ቶም ልዕሊ 80 ዓመት ዝዕድመኦም እዩ ዝርአ።

እቲ ሚኒስትሪ ወሲኹ፡ ውልቀ-ሰባት ኣንጻር እቲ ብጣንጡ ዝመሓላለፍ ሕማም ዘኻይድዎ ናይ ምክልኻል ስጉምቲታት ክዕበዩ መኺሩ።

‘ረስኒ ደንጊ’፡ ጣንጡ ክራብሓሉ ዝኽእላ ቦታታት ምድፋኑ፡ጸረ-ጣንጡ ከሚካላት ምጥቃም፡ ምልክታት ናይ’ቲ ሕማም እንተተራእዩ ድማ ቅልጡፍ ሕክምናዊ ክንክን ምግባር፡ ገለ ካብ’ቶም ነቲ መልከፍቲ ዝዓግቱ ኣገባባት ምዃኖም ክኢላታት ጥዕና የረድኡ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ. |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ኣኽርያ | 02/04/2024 | ጎደና ሸርኢት - 135፡ ከባቢ ኣኽርያ | 08370238 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services